ሓዳስ ኤርትራ
20-23: 27-28 ግንቦት: 5፣ 12፣ 20 ሰነ 2009

ኣማኑኤል በርሀ

# ንኺድ ጥራይ . . .

## 1ይ ክፋል

*ምስ ናይ ብርሃን ዓቕን ዝለዋወጥ ናይ ጽላሎት ቁመት ከይጸለወና፣ ኣብ ነንበይኑ ወቕቲ ዝቀያየር ናይ ንፋሳት ኣንፈት ከይዓጀበና፣ ብኩሉ መኣዝን ዝወርድ ናይ ነጐዳ ድምጽታት ከየሰናበደናን ከየጃጀወናን፣ ኣብ መስመርና ሳላ ዝጸናዕና፣ እንሆ ሎሚ ወነንቲ ናጻ ሃገርን ናጻ መስመርን ክንከውን በቒዕና።*



*መስመርና ከስሕቱ ብዓውታን ሕሹኽታን ፈቲኖሙና። ኣዒንትና ኣሕወዝዊዞም ሕብሪ ግመን ትክን ክሓዋውሱልና ሒኹ ኢሎም። ሓዲድና ክፍንቅሉ ኣብ ከተማን በረኻን ብድሎን ብቃጻን ገጢሞምና። ኩሉ ከምዘይከውን፣ ጽኑዕ መስመርና ከምዘይነቓነቕ ኣዳዕዲዕና ስለ እንፈልጥ ግን፣ ንክንስዕሮም ደኣ ተቓሊስና'ምበር ንከይስዕሩናስ ኣይተጠራጠሪናን - ኣብ መስመርና ሰሚርና።*

*የማን-ጸጋምና ዘጋጊ እንከሎ፣ ኣብ'ቲ ጽኑዕ ሓዲድ ጉዕዞ ንቕጽሎ። ኪኖ ደረት ትርኢት ዝርአ ከምዘሎ፣ ኣይዘንጋዕናዮን ገሚትናዮ ድሮ። ''ኣእዳውኩም ኣብ ጁባኹም ኣእትው - ከይትረስሑ ሓመድ ኣይትሓዙ፣ ባዕልና ሸሸምጢጥና ከነውሕጠኩም'' ዝብሉ እናክቕልቀሉ፣ ናይ ዘይሓመድካ ቃርፋ፣ ክሳብ ትጉስዕ ከምዘየብልዕን ብጥዕይታ ኣብ ጁባኻ ንዘቐነኻያ ኢድካ ከምዘልምስን ስለ እንፈልጠ፣ ካብ ናጻ መስመርና ኣይተነቓነቕናን። ኣብ ጽኑዕ መስመርና መሊስና ጸኒዕና።*

እንተጓነፉ'ውን ዘልሓጥሓጥ ዝበሉ፣ ክሳድና ኣይጠወናን ኣበይ ከነርክበሉ። ገጢሞምና'ውን ሓዲድ ዝፍንቅሉ፣ ኣፍሽልናዮም ግን እምነትና ስዒሩ። ብቅድሚትን ድሕሪትን ጫውጫው እናክብሉ፣ ብድምጺ ስቕታና መልሲ ንህበሉ። ኣብ'ቲ ድቕድቕ ጸላም ገለርያ'ውን እንተኾነ፣ ድሕሪ ሓጺር ርሕቀት በርሃው ሓዲድ ከምዘሎ፣ በተን ኪኖ ደረት ትርኢት ዘማዕድዋ ንቑሓት ኣዒንትና ስለ ዘስተብሃልናዮ፣ ኣብ'ቲ ከውታ ገለርያ ተዋሒጥና ከይንተርፍ ሰጊእና ካልእ መስመር ኣይቀየርናን። ሰብ-ሰርሖ መብራህትስ ይትረፍ፣ ጸሓይ እናወጣወጡ ከተሃራርፉና ፈቲኖም'ውን፣ ጸሓይና ኣብ ናጻ መስመርና ኳንና ባዕልና ከምእነብርቓ ተኣማሚንና ደኣ ጉዕዞና ቀጺልና'ምበር፣ ጸሓዮም ኣወናዊናትና መስመርና ኣይቀየርናን።

ጸሓይ ወጮ መሲላ፣ ወርሒ ደም ተቐቢኣ፣ "ኣፍላጋት ሃፌፎም ጋህሲ ኮይኖም ክውሕጥኹም'ዮም" ክንበሃል ከለና'ውን፣ ጽኑዕ መስመርና ዘየንጸሆ ሰማያትን ዘይትክኡ ህፍፍ ንጣብ ማያትን ከምዘየለ ገና ጉዕዞ ኣብ ምፍላምና ኣዳዕዲዕና ዝኣመንናሉ ስለ ዝነበረ፣ ካልእ መስመር ከነናዲ በረግረግ ኣይበልናን። ኣብ ጽኑዕ መስመርና መሊስና ሰሚርና ።

*"ጸላእትና - ኣብ ምትግባር መደባትና እናተዓወትና ብዝኸድና መጠን። እቲ ንምሕንኳልና ዝህቅንዎ ውዲታት ይብርዕኖምሞ - ጭንቀቶም ብኡ መጠን እናዛየደ ይኸይድ፣መትሓዝን መጨበጥን ናብ ዘይብሉ ስኑ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ድማ የምርሑ፣"*

ኣብ'ቲ ከብዲ እግርኻ ዘቃጽል ህሮርማ ምድረ በዳ፣ ጽላል እናወጣወጡ 'ንዓ ኣባይካ ብህሮማ ይገረፍ። መስመር ቀይር እነሆ ዘተኣማምን ጽላል' ዝብሉ ተቐላቒሎም'ዮም። ኪኖ ሰንደቕና ካልእ ጽላል ከምዘይብልና ኣሚንና፣ ተዕቂበና ጽላል ብሃሩር እናተለብለብና ከነምጽኣን ከነውሕስን ኢና ብናጻ መስመርና ተጓዒዝና።

ካብ መጀመርታኡ ንቕሎ ክንጅምር ከለና፣ ንድሌታትና እንተሰዒርናዮም ጥራይ ድሌታትና ከምእንረክብ፣ ንነብስና እንተወጺዕና ጥራይ ባህግታትና ከም እንጭብጥ፣ ጸላኢ ንምስዓር ኣቐዲምካ ነብስኻ ክትስዕር ከምዘለካን ኣንጻር ናይ እለት ሕልምታትካ እንተተንዒዝካ ጥራይ ነባሪ ሕልምታትካ ከምእተግህድን ኣስተብሂልናሉ ስለ ዝነበርና፤ መስመርና ብግዝያዊ ምቾት ክንገድፍ ዝከኣል ኣይነበረን። እዚ ስለ ዝኾነ ኢዩ ከኣ፣ ማይ ንዝጸምአ ጕሮሮና ብዓንዴል ኣርዊናዮ - ጽባሕ ብድላዩ ከምእነርውዮ ስለንፈልጥ።

ድቃስ ንዝሃረፉ ኣዒንትና ኣብ ሓለዋ ጸሚድናየን - ጽባሕ ኣዳዕዲዐን ክድቅሳ ምእንቲ። ንዝረብረበ ዝባንና ኣብ ግራጭ ኣዕሪፍናዮ - ጽባሕ ምእንቲ ሚልዮናት ዝረብረባ ዝባን ጽቡቕ ጌረን ከዕርፉ። ጽባሕ፣ ሕልምታትና ብርግጽ ከምዝግሃድ ስለ ዝኣመንና ካብ ናጻ መስመርና ምንቕ ኣይበልናን። ጸሓይ ክትዓርብ ከላ፣ ኪኖ'ቲ ኣብ ቀረባ ዘሎ ጸልማት፣ ብዛዕባ'ቲ ንግሆ ዘሎ ብርሃን ስለ እንሓስብ፣ ከውታ ፈሪህና ጉዕዞ ኣይነቋርጽን ወይ'ውን ኣብ ኢድ ካልኦት ዘሎ ብርሃን ኣሚንና መገድና ኣይንቕይርን - ሽግና ባዕልና ክንውልዓ ምኻንና ፈሊጥና ኣብ መስመርና ጉዕዞ ንቕጽሎ። ክብሉና ከለው ብጻይካ ረብሪቡ፣ ክብሉና ከለው ምጽኣትኩም ቀሪቡ፣ ክብሉና ከለው ክንህበኩም

ጽላል፣ ክብሉና ከለው ኣይትኾኑ ሰንፈላል፤ ንሕና ግን ነናሻዕ ከምንውለድ፣ መመሊስና ከምንስውድ ኣሚንና ስለ ዝተበገስና፣ ኣእዛንና ዓቢስና ኢና ተጸሚምና ጉዕዞና ቀጺልና።

ሰብ ጥበብ መጺኦም ብወዳሲን ኣኅባባዕን ልሳን፣ ሰብ ቅልጽም መጺኦም ሰብ መድፍዕን ዱላን፣ ሰብ ሃብቲ መጺኦም ብመስድዒ ድርዳራት ወርቅን ሎልን - መስመርና ከስሕቱ። ንሕና ግን ንጥበቦም ብጽንዓትና፣ ንሓይሎም ብተጻዋርነትና፣ ንፈታኒ ትሕዝቶኦም ብ'ተመስገን' ኣምኪንናዮስ፣ እንሆ ዋሕስ ህላውነትና ብዝኾነ ናጻ መስመር ከምቀደምና ብህድኣት ንስጉም።

ገነት'ኳ እታ ኣብ ሰማይ ጥራይ እትርከብ ገነት፣ "ኣብ ኢድና ኣላ'ሞ ንዑ ክንህበኩም' ዝበሉ ተረኺቦም። ንነብሶም ከም ጨለታት ንካልኦት ከም በሃማት ዝቈጽሩ፣ ብነብሰ- ውርጹጽነት ዝተጐብኡ ፍጡራት፣ እቲ ንባዕሎም'ውን ዘይረኸብዎ ነገራት፣ ካብ መስመርና ንከስሕቱና ጥራይ ክህቡና ከምዝኽእሉ ተመባጺያምልና። 'ዘይክኣል የለን' ዝብል ጭርሖና ግን፣ ኩሉ ድልየታትና ካብ ውሽጥና፣ ብባዕልና ኣብ መስመርና ተጓዒዝና ከምእንረኽቦ ኣረጋጊጹልና።

*ብሕጂ'ውን ስቕታና ዕሽነት ዝመስሎም፣ ንድምጺ ሕሹኽታኦም ኣበሪኾም መጋገዲ ምኽሮም ከውሕዙዮም። ሓቂ ትኹን ጽንዓት ብብራኽ ድምጺ ዝመጽእ ከምዘይኮነ ስለእንፈልጥ፣ ስቕታና ክርዳእ ዘይክእል ንቃላትናን ድምጽናን ክርዳእ'ውን ዓቕሚ ከምዘይብሉ ስለ እንኣምን፣ ምስ ዝወጨጨ ኣይንውጭጭን። ኣኽላባት እናነብሑ ግዕዞና ንቕጽል።*

*ትማሊ፣ ኣብቲ ንኩሉ ዘደንጸወ መሪር እዋን ፣ ብዘይንደል ሓዲድና'ዩ ባብ ሲኦል ተዓጽዩ። ትማሊ፣ ኣብቲ ጸልማት ደበንገረ ካብ መስመሩ ነቕ ዘይበለ ሓፋሽ፣ ሎሚ መስመሩ ብካልኦት ክምእዘን ወይ ክጽሎ ምሕሳብ፣ ኪኖ ከንቱ ሓሳብ ናብ ትግባረ ዘይሰግር ሕልሚ ብሃማት'ዩ። እቲ ምንታይሲ፣ ጥራይ እግሩ ሑጻ ምድረበዳ ዝሰገረ፣ ሳእኒ ኣሪጉኒ ኢሉ መስመሩ ኣይልውጥን'ዩ። ኣብ ረመጽ ተደጒላ ዝሓለፈት ሂወት፣ ሃሩር በርቲዕዋ ከመይ'ላ ትጭነቕ። እቲ ብጽንዓቱ ዓረ ዝነደለ ህዝቢ፣ ብእምባ ሑጻ ክዕንቀፍ'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ከንቱነትዩ።*

*ሕጂን ብድሕሪ ህጂን'ውን፣ ብከንቱ መብጸዓታት፣ ጉንዖታትን ፈኸራታትን መስመርና ከስሕቱ ወይ ክጸልዉ ዝፍትኑ ክመጽኡ'ዮም። ንሕና ግን ይትረፍዶ ናይ ከርሲ ሰጊርናዮ ናይ ነብሲ። ሎሚ ግዳ ኣብ ውሽጥና ከሎ ሽግ፣ ኣብ ውሽጥና ከሎ ተባዕ ብርሃን ዘይብርግግ፣ ኣብ ኢድና ከሎ መፉትሕ ባብ ገነት'ውን ዝፈትሕ፣ ብርሃን እናደጉሓና፣ ዝጭበጥ ተስፋታት ከቢብና ከሎ፣ ናጻ መስመርና ከመይ ኣቢሉ ብካልኦት ይጽሎ!?*

*ኣዝመራ ርእዩ ኩነታት ክረምቲ ዝግምት ህዝቢ፣ ብእሾኽ ተኸቢቡ እንከሎ ብዕንባባታት ናይቲ እሾኽ ተስፋ ዝሰንቕ ሓፋሽ፣ ኩሉ ኣብ ሓደ እዋን ከምዘይጠልመካን ወትሩ ሓጋይ ከምዘየለ ወቕቲ ከምዝቀያየርን ኣዳዕዲዑ ዝፈልጥ ፍጡር፣ ከመይ ኣቢሉ መስመሩ ክስሕት ትጽበዮ።*



*ንኪድ፣ ንኺድ ጥራይ ኣይነቋርጽ ስጉሚ፣ ኣይሂ ሰጊርናዮ ይትረፍ ሎሚ። ንኺድ፣ ንኺድ ጥራይ ኣብ ናጻ መስመርና፣ ካብን ናብን ዝወናጨፍ ንፋስ ከይጸለወና። ብልብና ንስማዕ ይሰድዕ'ዩ እዝኒ፣ ብልብና ንርአ ይጋገ'ዩ ዓይኒ፣ ብልብና ንሽትት ብጎድኒ ዝመጸ ንፋሳት ከይጸልወና፣ ብልብና ነስተማቕር ግዝያዊ ጣዕሚ ከየደናግረና፣ ብልብና ንዳህስስ ጽባሕ ዝደርቕ ነባሪ ልስላሰ ከይመስለና - በቃ ሓንቲ ትኹን ህዋስና! እታ ኣብ ናጻ መስመር እትጓዓዝ ሓንቲ ልቢ!*

* * * * * *

## 2ይ ክፋል

*ንኺድ ጥራይ፣ መማዕደዊ ነቈጣና እናቀያየርና ንጹሓይ መኸወሊ ንኽልኣያ። ንኺድ ጥራይ፣ ጸሓይ ዕራብ በቲ ካልእ ወገን ናይ ዓለም ጸሓይ ብራቕ ምኻኑ ኣሚንና፣ ደድሕሪኣ እናከድና ወትሩ ኣብ ጸሓይ ብራቕ ንንበር። ደው እንተኢልና ደኣ ኣብ እግሪ ፍሩታ ኣጽሊልና፣ ኣብ ደንደስ ባሕሪ ኮፍ ኢልና ከነንባሁቕ ክንነብር እንዲና። እንተተዓኒድና ደኣ ኣዕኑድ ህላወና ኣሪጎም ኣብ ርእሴና ሃደሽደሽ ኢሎም ክደብዩና'ንድዮም። እንተተዓዚምና ደኣ ታሪኽ ከይሰራሕና ደገምቲ ጽውጽዋያት ኴንና ክንነብር እንዲና። ንኺድ ደኣ፣ ምኻድ ግን ኣብ'ቲ ብድልየት ካልኦት ዘይምእዘንን ዘይጽሎን ናጻ መስመርና።*



*ንኺድ እወ፣ ክንከይድ ከለና ግን ኣሰርና ክንዲ ብዝሒ ናይ ኩልና ኣእጋር ክኸውን የብሉን። ንኺድ'ሞ፣ ኣሰርና ግን ድጋም ርጋጽ ናይ'ቲ ቅድሜና ዝሓለፈ ክኸውን ኣለዎ። ኣቋራጫት ነንበይንኻ ዘኝዕዙ ምርጫ ሃካያት ኢዮም'ሞ፣ በብዝረኸብናዮ ኣቋራጭ ዘይኮነስ በታ ሓንቲ መስመር ደኣ ሰሚርና ብዓቕሊ ንሰጉም። ዘተዓጻጽፍ መገዲ እንተተረኸበ'ውን ብሓባር ደኣ'ምበር በብኢድና ኣይንምረጽ።*

*ንኺድ'ሞ፣ ክንከይድ ከለና ግን ንናይ ሓባር ጸገም ናይ ሓባር ፍታሕ ደኣ ንድለየሉ'ምበር፣ ብውልቃዊ ፍታሕ ዝፍወስ ናይ ሓባር ጸገም የለን። ንኺድ'ሞ፣ ጉዕዞና ግን ብመጠን ዝተኳዓዝናዮ ሜትሮታት ዘይኮነስ፣ ብመጠን'ቲ ካብ መበገሲ ሃዋህውና ዝርሓቕናዮን ብመጠን'ቲ ተኳዒዝና ዝረኸብናዮ ለውጥን ንዓቅኖ። ብመጠን'ቲ ካብ መበገሲ ነቈጣና ዝርሓቕናዮ ግን ኣይንዓቅኖ። ካብ መበገሲ ቦታና'ሞ ፈጺምና ክንርሕቕ የብልናን። ብዙሕ ኣብ እንኳዓዘሉ መመሊስና ናብ'ቲ መበገሲና ንመለስ - ለውጢ ጌራ ግን ክትጸንሓና ኣለዋ። ከምኣ ኢላ እንተጸኒሓ ግን ኣይሰጎምናን ማለት ኢዩ'ሞ ንኺድ ደኣ። እቲ ምንታይሲ፣ እቲ ሓሻሪ ገመል'ውን ኣብ ሓንቲ ሸንኮለል ክብል ውዒሉስ ናብ'ታ ለውጢ ዘይብላ መበገሲቱ ክምለስ ከሎ ዝተኳዕዘ'ዩ ዝመስሎ።*

*ንኺድ በሉ፣ ጉዕዞና ግን ካብ ደጌና ንውሽጥና ደኣ'ምበር ካብ ውሽጥና ናብ ዴጌና ክኸውን የብሉን። ክንከይድ ከለና መመሊስና ንቕረብ። ዝያዳ ኣብ ንኳዓዘሉ ግዜ፣ ዝያዳ ንውሽጥና ንመለስ። ትኽ ኢልና እንተተኳዒዝና ደኣ ነቲ ትማሊ ዝተኳዓዝናዮ ኣበይ ኬንና ክንርእዮ? ንዕኡ እንተዘይርኢና ደኣ ከመይ ኣቢሉ ናይ ሎሚ ኣንፈትና ክንጽረልና።*

*ካብ ነዊሕ ምኳዓዝ ንላዕሊ ምብጋስ'ዩ እቲ ዝኸበደ። ንዓና ግን ምብጋስ ኣየድለናን'ዩ ሎሚ። እቲ ጉዕዞ ድሮ ተጀሚሩ'ዩ - ንዕኡ ምቕጻል ጥራይ'ዩ ዘድልየና። ንዝጀመሩልካ ምቕጻል ከኣ ፍኹስ ይብል ይኸውን ኢዩ'ሞ ንኺድ ደኣ። ክንከይድ ከለና ግን ናበይ ምኻንና ክንፈልጥ ኣለና። መዕለቢኻ ከይፈለጥካ ካብ ምብጋስ ተዓኒድካ*

ምንባር ይሓይሽ። ክንደይ ተጓዓዝቲ'ንድዮም ሰኣን ካብ ደጌኦም ንውሽጦም ገጾም ዝጓዓዙ፣ መዕለቢኦም ከይፈለጡ ካብ ውሽጦም በርጊጎም ከይዶም ኣብ ጣዕሳን ሸንኮለልን ዝነብሩ ዘለዉ።

ንኺድ'ሞ፣ ጉዕዞና ግን ብፍቓድናን ብምስትብሃልናን ክኸውን ኣለዎ። ኣብ መስመር ካልኦት ኣቲና ብሃውሪ ክንጓዓዝ እንተፈቲንና ግን፣ ከምታ ካብ ብጾታ ተፈልያ ንውልቃ ተገሪዛ እትኸይድ'ሞ ንጓሳኣ ኣቐይማ ደንቢኣ እተቑርር በጊዕ፣ ጉዕዞና ህድሞና ካብ ምቕራር ሓሊፉ ፍረ ኣይክርከቦን'ዩ። ማሕታ ከይርኣና ኣይንጓዓዝ። ዝርኣየና ጩራ እንተዘየለ ሓንሳብ ዝግ ኢልና በየን ከምዘሎ ቅድም ነስተብህሎ። እቲ ምንታይሲ፣ ብሃውሪ እንተተጓዒዝና ድሕሪ ኣዝዩ ነዊሕ ርሕቀት እቲ ብርሃን ብድሕሬና ገዲፍናዮ ከምዝመጽኣና ክግለጸልና ይኽእል ኢዩ'ሞ ብጣዕሳ ካብ ምልላው ኣስተብሂልናን ኣስተውዒልናን ደኣ ንኺድ።



'ጋህዲ ሕልምታትካ ኣብዚ ኣሎ'ሞ ንዓ ናባና' ዝብሉ እንተተረኽቡ'ውን፣ ንቃላቶም ኣሚንካ ኣይትጓዓዝ። ጋህዲ ሕልምታትና ምሳና'ዩ ዘሎ። በየን ከምዘሎ ጥራይ ጽቡቕ ጌርና ንፈትሾ። ብምስትብሃል ንኣልሾ። ሕልምኻ ከግህዱልካ ዝኽድካዮም፣ ከም ብዕራይ መኼዳ ኣፍካ ኣሲሮም፣ እሞ ድማ ኣብ ጥርሑ ዓውዲ ሸንኮለል ከብሉኻ ዝነብሩ ከም ዘለዉ'ውን ክንዝንግዕ የብልናን።


ኣብ ጉዕዞኻ ድቕድቕ ጸላም ኣጋጢሙካ መጋርያ ማዕዶ ርእየ ኢልካ ብዘይትፈልጠ ኣቋራጭ ካብ ምልጋስ፣ ዋላ'ውን ጉዕዞ ኣቋሪጽካ ኣብታ ዘለኻያ ተኾርሚኻ ምጽባይ ይሓይሽ - እንተወሓደ'ኳ ናይታ ዘዕረፍካያ ምስ ወግሐ ዕጽፊ ትጓዓዝ ትኸውን። እታ ብርሑቕ ዘወናወነትካ መጋርያ ግን፣ ብዘይ ትፈልጦ መገዲ ጌርካ ንኽትከዳ ቀሲባትካ ከተብቅዕ፣ ኣብኣ ክትበጽሕ ምስ ቀረብካ ክትቅህም ትኽእል'ያ። ሽዑ ነታ ሰኣን ዓቕሊ ጠንጢንካያ ዝኸድካ መገድኻ ብጣዕሳ ክትዝክራ ትሓድር። ምስ ወግሐ'ውን እንተኾነ፣ ዝርኣየካ(ዝመርሓካ) ጩራ መጋርያ ስለዘየለ ኣንፈትካ ከተለሊ ከቢድ'ዩ።

ኣብ ኩሉ ጉዕዞና፣ ገዛእ ሽክናና ብገዛእ ክሳድና ክትጽወር ኣለዋ። ገዛእ ነብስና ብገዛእ መሓውርና ክትንቀሳቐስ ኣለዋ። ክብድ እንተበለና'ውን ባዕልና ብዝመረጽናዮ ምርኩስ ደኣ'ምበር ካልኦት ብዘቐበሉና ምርኩስ ክንድገፍ የብልናን። ምናልባት በታ እንጓዓዘላ መስመር ካብታ መገድና ኣዝያ እትጥጥሕን እተወናውንን ለማጽ መገዲ

ክትጸንሓና ትኽእል'ያ። መገድና ንምስሓት ተባሂላ ዝተሃንጸት ዝኸፍኣት ኩርዃሕ ከይትኸውን ግን ክንሓስበላ ኣለና። እቲ ምንታይሲ፣ መገድና ገዲፍና ኣላጊስናያ ከነብቅዕ፣ ድሕሪ ርሑቕ ምንዓዝ ሃው ዝበለ ገደል ክጸንሓና ይኽእል'ዩ። ስለዚ፣ መወዳእትኡ ከይፈለጥና ዘወናውን መጀመርታ ጥራይ ርኢና ኢልና ጉዕዞ ክንፍልም የብልናን - መእተዊ'ምበር መውጽኢ ዘይብሉ ገለርያ'ውን ከጋጥም ስለዝኽእል!

ልዕሊ ኩሉ እታ ንንዓዘላ ዘለና መገዲ ናትና ምኻና ርግጸኛታት ክንከውን ኣለና። ልዕሊ ኩሉ ኣብ ጫፍ ናይ'ታ ንንዓዘላ ዘለና መገዲ ገለ ዝጭበጥ ነገር ከምዘሎ ከነረጋግጽ ኣለና። ልዕሊ ኩሉ ልሙጽነት ናይ'ቲ መገዲ ዘይኮነ እቲ ድሕሪ ጉዕዞ ዘሎ ፍረ ከነስተብህል ኣለና። ልዕሊ ኩሉ ካብ ኣብ ሓጺር ወይ ለማጽ ጉዕዞ ዘሎ ውሑድ ፍረ ኣብ ኩርዃሕ ወይ ነዊሕ ጉዕዞ ዘሎ ዓቢ ፍረ ከገድሰና ኣለዎ። ልዕሊ ኩሉ ካብቲ ኣብ ርሑቕ መገሻ ክህሉ ዝኽእል ሽሻይ፣ እቲ ኣብ ሓጺር መገሻ- አረ ብዘይ መገሻ - ግን ከኣ ኣብ ነዊሕ ግዜ ዘሎ መኣዲ ከህርፈና'ለዎ።

እሞ ኣብ ውሽጥናኸ ናበይ ኢና ክንከይድ? ንኺድ ናብቲ ምድረበዳ፣ ንኺድ ናብቲ ኣኻውሕ። ለምለም ደኣ እንታይ ክንከደሉ ለምለም'ንድዩ ባዕሉ። ከውሒ ዘልምዕ ሓይሊ ኣብ ውሽጥና ኣሎ'ሞ ንኺድ ናብቲ ቀላጥ ጎልጎል። ዋላኻ ደኣ ባዕላ ዝነጠበት ዘርኢ'ኳ ትበቚሎ፣ እምነት ሓዊስና ኣብቲ ከውሒ ከይተረፈ ዘርእና ነብቁሎ። ንኺድ፣ ንኺድ ናብቲ ያና። ከተማ ደኣ እንታይ ክንከደሉ ድሮ ከቲሙ'ንድዩ። ንኺድ ናብቲ ቁሸት ርሻን ንህነጸሉ። ሃብታም ደኣ ሃብቲሙ'ንደኣሉ፣ ንኺድ ናብቲ ድኻ ሓገዝ ንግበረሉ። ቃጽያ ደኣ ውሑድ'ንድዩ ጻዕሩ፣ ንኺድ ናብቲ ሰጣሕ ጎልጎል ቀጠልያ ንቐይሮ ሕብሩ። ማእከል ደኣ ሓላዊኡ ኩሉ፣ ንኺድ ናብቲ ዶባት ከይድፈር ክብሩ። ሎሚ ደኣ ተፈሊጡ'ንድዩ ሕብሩ፣ ንኺድ ናብ ጽባሕ ሰንደቕና ንቕብኣሉ። ትማል ደኣ ሓሊፉ'ድዩ ዛንታና ሓዚሉ፣ ምስሊ ጽባሕና ሎሚ ነነጽሮ ንድፉ። ብርሃን ደኣ ድሮ በሪሁ'ሎ፣ ንኺድ ናብቲ ደባን ባና ኳዕ ነብሎ። ለማጽ ደኣ ለሚጹ እንከሎ፣ ንኺድ ናብቲ ኩርዃሕ ምድሪ ቤት ነምስሎ። ቀረባ ደኣ ሃካይ'ኳ ይኸዶ፣ ንኺድ ናብቲ ርሑቕ ሕልምና ነግህዶ!



ጊንዳዕ - ንሰደድ ዝተዳለወ ጻዕዳ ወርቂ (እምነበረድ)

ንኺድ ግን - መሓውር ዘይብሉ መገሻ። ብኣእጋርና ዘይኮነ ብሓሳብና፣ ብኣካል ዘይኮነ ብተግባር፣ ብመንፈስ ዘይኮነ ብስራሕ፣ ብዕጫ ዘይኮነ ብምርጫ! ካብዛ ዘለናያ ቦታ ምንቕ ከይበልና፣ ካብዛ ዘለናያ ኩነታትን ደረጃ ዕብየትን ጥራይ ንቕድሚት ንንዓዝ። ንኺድ፣ ንዑናይ ንውሽጥና ገጽና።

ኣይንተዓነድ! ኣይተዓዘም! ደው ኣይንበል! ንኺ….ድ! ክንከይድ ከለና ግን…።

* * * * * *

## 3ይ ክፋል

ንኺድሲ ይብሃል ኣሎ፣ በየን ኢና ክንከይድ? - ብናጻ መስመርና። ንኺድሲ ይብሃል ኣሎ፣ ናበይ ኢና ክንከይድ? - ናብ ውሽጥና ገጽና። ንኺድሲ ይብሃል ኣሎ፣ ዕንቅፋት እንተጋጠመኽ ብከመይ'ዩ ጉዕዞ ክቕጽል?

ብክንቲት ነኺእና ዓረ ዝነደልና፣ ኣብ ሽዳ ተንሳፊፍና ማዕበል ዝሰገርና፣ ካብ ኣዒንትና ብዝፍኖ ናይ ተስፋ ጨራታት መቐሕ ዝሰበርና፣ ንመንደራጋሕ ብዝባንና ዘዝለልና፣ ከመይ ኣቢሎም ሎሚ ዕንቅፋታት ከሰናብዱና?



ብዛዕባ ዝተኸፍተ መሳኸቲ ደኣ'ምበር ብዛዕባ ዝተዓጽወ ማዕጾ ከይተገደስና፣ ንዝተረፈና ኣስናን እናርኣና ብዛዕባ ዝተኸስረ ኩርምቲ ከየዕዘምዘምና፣ ብዛዕባ ዝተረፈ ኣቑጽልቲ'ምበር ብዝነቐጸ ጨናፍር ተስፋ ከይቈረጽና፣ ንኺድ ጥራይ ንኺድ ናብ ውሽጥና። ኣብኡ ኣብቲ ውሽጥና፣ ኣብኡ'ሎ እቲ እንመርጾ ዓለም። ኣብኡ ኣብቲ ውሽጥና፣ ኣብኡ'ሎ ምስ ኣንበሳ ማይ ዘስቲ ትብዓት። ኣብኡ ኣብቲ ውሽጥና፣ ኣብኡ'ሎ ንሃፈጽታ እሳተ-ጎመራ ናብ ዝናብ ዝቕይር ሓይሊ። ኣብኡ'ወ ኣብቲ ውሽጥና፣ ኣብኡ'ሎ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ከምዘይነብር ዝምህር ባህሊ። ኣብኡ'ሎ ኣብቲ ውሽጥና፣ ኣብ ረመጽ ተደጕልካ ዘይጽንቀቕ ዓቕሊ። ጉዕዞና ጥራይ ናብ ውሽጥና ገጽና ንግበሮ'ምበር፣ ዕንቅፋታት እንተጋጠሙ ከኣ ይስገሩ በቲ ሓይሊ፣ በቲ ባህሊ፣ በቲ ዓቕሊ! በቲ ትብዓት!

ንምንታይ መሬት ንሂሉ ክውሕጠና ከም ጥሙይ ገበል ኣፉ ሃህ ኣቢሉ ዘይጽበየና - ትማሊ ከመይ ጌርና ንስሱዕ ሽውሃት ከምዝዓጸናዮ ስለ እንፈልጥሲ ዘጃጁ የብልናን። ንምንታይ ከክንዲ እምባ ዝኾኑ ማዕበላት ኣብ ቅድሜና ኣይሰራሰሩን - ትማሊ ከመይ ጌርና ከምዘዐገስናዮም ስለእንዝክርሲ ከብድና ኣይገለበጥን - ሓሞትና ኣይፈስስን። ንምንታይከ ጸሓይ ዓለም ጨራታታ ኣይትሓብእን - ትማሊ ጸሓይና ብከመይ ከምዘብረቐናያ ስለዘይንርስዕሲ ትብዓትና ኣይጎድልን። እሞ ትማሊ'ኳ ዝነበርና ደኣ ብዛዕባ ናይ ሎሚ ህላወ እንታይ ዘጠራጥር ኣሎ። ትማሊ ንዘክር ምርር ክብል ከሎ፤ ትማሊ ንዘክር ጉድል ክብል ከሎ፤ ትማሊ ንዘክር ጥልመት ክርአ ከሎ፤ ትማሊ ንዘክር የለን ዘይንኽእሎ። ዕንቅፋታት እንተበዝሑኽ ጉዕዞ ብከመይ'ዩ ክቕጽል? - ትማሊ ንዘክር።

ጥበብ ሎሚ ካብ ጥበብ ትማሊ ኣይሰንፍን'ዩ። ሓይሊ ሎሚ ካብ ሓይሊ ትማሊ ኣይውሕድን'ዩ። ባህሊ ሎሚ ካብ ባህሊ ትማሊ ኣይድሕርን'ዩ። ተበግሶ ሎሚ፣ እምነት ሎሚ፣ ትብዓት ሎሚ ካብ ናይ ትማሊ እንተዘሰኒፉስ፣ ዕንቅፋታት ካብ ናይ ትማል ብዝቐለለ'ኳ ደኣ ይስገሩ። ጸጸር'ዮም ሎሚ እቶም ትማሊ ደናጉላታት ዝነበሩ። ኣናጹ'ዮም ሎሚ እቶም ትማሊ ከክንዲ ሓርማዝ ዝነበሩ። ጎዲሎም'ዮም ሎሚ እቶም ትማሊ ኣእላፍ ዝነበሩ። ሽግራት እናተጸንቀቑ'ምበር እናሰወዱ ኣይኮኑን ዝመጽኡ ዘለዉ።

ኣይሂ ክዘንብ ከሎ መርከብ ኖህ ንዘክር። ህሮርማ ክብርትዕ ከሎ ናይ ትማሊ ቈርበትካ ዝምሽልጥ ሃፈጽታ ንዘክር። ቀዝሒ ክመርር ከሎ፣ ትማሊ ንቁሪ ከምዘቑረርናዮ ንዘክር። ሃሩር ተጻዊርና ህሮርማ ቀትሪ፣ ኣሰሓይታ ተቐሊጥና ቀዝሒ በረድ ቊሪ፣ ዕንቅፋት ኳንናዮ ንዕንቅፋት፣ ንተፈጥሮ ምረቱ ኣወዲእናዮ፣ ሎሚ ግዳ ንሱ'ውን ክንደየናይ ከይጭክነልና፣ ንኺድ ጥራይ ኣብ ናጻ መስመርና።

ንውሽጥኻ ገጽካ ተጓዓዝ ንደገ፣ ኣብ ነብስኻ እመን ኣብ ካልኦት፣ ብናጻ መስመርካ ተጓዓዝ ካልኦት ብዘማእዘኑልካ መስመር…ኣንፈትካን እምነትካን ብዘየገድስ እቲ ኣድሃ ጥራይ'ዩ ዝሰግራ ነዛ ዓለም። እቲ ዝጃጁ፣ እቲ ዝብርግግ፣ እቲ ዘይጸንዕ፣ እቲ ዝሰድዕ፣ ኣብ ዝኸደ ከይዱ፣ ዋላ'ውን ብምቕት ተኸቢቡ፣ ንምንባር ብማዕዶ'ውን ኣይርእያን'ዩ። ዓለም ናይ ኣድሃታት ደኣ'ምበር ናይ ጃጀውቲ ኮይና ኣይትፈልጥን። ኣድሃ ድማ ብናጻ መስመሩ፣ ንውሽጡ ገጹ እናተጓዕዘ፣ ኣብ ገዛእ ነብሱ ኣሚኑ ክነብር ስለዘይከብዶስ፣ ብካልኦት ተጸልዩ መስመሩ ዘቐይር፣ ኣብ ካልኦት ዘጸግዕ፣ ንደገ

ዘጠምት የብሉን። ስለዚ፣ እቲ ኣብ ነብሱ ኣሚኑ ናብ ውሽጡ ገጹ ዝጓዓዝ ጥራይ'ዩ ዘድልያ ንዓለም። ኣድሃ ድማ ዝያዳ ሽግር ዝያዳ ጥበብ ደኣ ይፈጥረሉ'ምበር ብዕንቅፋታት ኣይዕንቀፍን ኢዩ።

እምበር ዕንቅፋታት ደኣ መዓስ ይውድኡ ኮይኖም። ንለይቲ ከም ቃንጥሻ በቍሎም ስለዝሓድሩስ፣ ንለይቲ ሓድሽ ጥበብ እናፈጠርካ፣ ንገሊኦም ድማ ከምዘይተፈጠሩ ዕሽሽ እናበልካ'ዩ ዝስገር'ምበር፣ ብንኣሽቱ ዕንቅፋታት ከተማርር እንተጀሚርካ ደኣ ዓለም ብዓለማ ዕንቅፋት እንድያ። ኩሉ ከበቢኻ እንትርፎ እሾኽ-መርገም ካልእ ተኸሊ እንተሰኣንካሉ'ውን፣ ኑቲ እሾኽ ረሲዕካ በቲ ዕንባብኡ ክትድሰት ኣለካ። እምበር ምምራር እንተኾይኑ ሓይልካ ደኣ ጽገሬዳ'ውን እኳ ኣይከተሐጉሰካን'ያ - እሾኽ ኣሎ ኣብ ርእሳ።



ኣብ ምድረ በዳ ንእሽቶ ፈልፋሊት ማይ እንተረኺብካ፣ ኣብ ምድረበዳ ማይ ምጽንሑ ደኣ ተስፋ ከስንቐካ ኣለዎ'ምበር፣ ብዛዕባቲ ዝሰፍሐ ማይ ዘይብሉ ክፋል ከተማርር የብልካን። ኣዒንትኻ ሐሕማቑ ጥራይ ዘርእያኻ እንተኮይነን'ሞ፣ ዋላ ንዓለም ብድልየትካ ከተማዕራርያ ካብ ፈጣሪ ፍቓድ እንተዝወሃበካ'ውን፣ ኣብታ ባዕልኻ ዝፈጠርካያ ዓለም'ውን ብዙሕ ኣበራት ምረኸብካ።

ክትጓዓዝ ኣለካ'ምበር ኣበይ ደኣ ክትዕነድ። ገዛኻ ጥሚቕ ዘእቱ እንተኮይኑ፣ ናሕስኻ ክትድብድብ ጥራይ'ዩ ዘለካ'ምበር፣ ክረምቲ ምስ መጽአ ኣብ እንዳ ጎረቤት ከተዐቅል ኢልካ ኣእዳውካ ኣጣሚርካ ኣይትሓግን ኢኻ። ጎረቤትካ፣ 'ደሓን ኣይትሕረስ ቀውዒ ኣኽል ታርፍ ስለዘእቱ ድራር እለትካ ባዕለይ ክህበካ' ስለዝበለካኸ ተዓምጺጽካ ትሓጊ ዲኻ? ክህበካ ይኽእል ይኸውን። ኣብ ዓለም ናጻ ምሳሕ ስለዘየለ ግን ወይ ከኸድመካ'ዩ ወይ ድማ ሰብኣዊ ክብርኻ ቀንጢጡ ከም ከልቢ 'ሱእ' እናበለ'ዩ እተን ዕንጋሎኻ ክህበካ።

ዕንቅፋት እንተተደራረባኸ ከመይ ጌርካ'ዩ ጉዕዞ ክቕጸል? ንኺድሲ ይበሃል ኣሎ ኣበይ'ዩ ግን እቲ መዕረፊ? ክሳብ መዓስ ኢና ክንከይድ? እቶም ቅድሜና ዝተጓዕዙ ንሎሚ ዕረፍቲ ዝህበና ነገር ኣይተማልኡን ድዮም? ዕንቅፋት እንተተደራሪቡ ሜላታት ክትደራርብ ኣለካ። ገጢምካ'ምበር ሃዲምካ ዝፍታሕ ሽግር የለን። ዓለም ሓንቲ ዕንቅፋት ክትፈጥረልካ ከላ ጎድኒ ጎድና ከኣ ሓንቲ ፍታሕ ፈጢራትልካ'ላ። ከምቲ ኣበዋት፣ ''ጸድፊ ትፈጥር'ሞ መደያይቦ ከኣ' ዝበልዎ፣ ንነፍሲ ወከፍ ዝገጥመካ ሽግር ምስኣ ዝተፈጥረ ፍታሕ'ውን ኣብ ከባቢኻ ይዝንቢ'ሎ። ነዚ ፍታሕ'ዚ ግን እቲ ኣብ ግዜ ጸበባኡ ዘይሽገር ኣድሃ ጥራይ'ዩ ዘስተብህሎ። እቲ ብመዓልቲ ጸበባ ዓቕሉ ዘጽብብ ግን ንጸበባኡ ደኣ'ምበር

ንመድሃኒቱ ዝርእያ ኣዒንቲ የብሉን። ብርግጽ ግን ኩሎም ኣፍደጌታት ክዕጸዉ ከለዉ፣ ሓንቲ መስኮት ተኸፊታ’ላ። እቲ ዓቕሉ ከየጽበበ ዘስተብሃለላ ድማ ብእኣ ወጺኡ መፍትሕ ናይ ኩለን መዓጹ ክረክብ ኣይጽገምን።

ንኺድ፣ እቲ መዕረፊ ግን እናተጓዓዝካ’ዩ ዝርከብ። ኣራጢጥካ ዘይኮነ’ውን እናተጓዓዝካ ኢኻ እተዐርፍ።ጉዕዞ ኣየቋርጽን’ዩ፣ ነፍሲ ወከፍ ዓወት’ያ ዕረፍትኻ። ዓወት’ዩ እቲ መዕረፊ። ጫፍ ጥርዚ ዓወት ወይ ናሕሲ ዓወት ዝበሃል ስለዘየለ ግን ዕረፍቲ የለን - ኣብ ጉዕዞ እትረኽቦም ዓወታትካ’ዮም ዕረፍትኻ። ንኺድ’ምበር ክሳብ ብህይወት ዘለና። እቲ መጨረሽታ ጉዕዞ ዝምነ እቲ ምንባር ዝሰልቸዎ ወይ’ውን እቲ መጨረሽታ ዕምሪ ዝምነ’ዩ። ጉዕዞ እንተቋሪጽካ ደኣ እንታይ ክትባቖጥ ክትነብር? ጉዕዞ እንተቋሪጽካ ደኣ ዓለምከ እንታይ ክትገብረላ ኢላ’ያ ተወሳኺ ዕምሪ ክትህበካ። ጉዕዞ እንተቋሪጽካ ደኣ ኪድ’ምበር ፍርዲ ካብ ፈጣሪኻ ተቐበል።

እቶም ቅድሜና ዝተጓዕዙ ሽሕን ሚእትን መዕረፊታት’ምበር ኣምጺኦምልና። ንከነዕርፍ ዘይኮነ ግን ጉዕዞ ንክንቅጽል ዝድርኽ ዕረፍቲ’ዩ። ንሳቶም ሳላ ዘረከቡና ዕረፍቲ’ንዲና ደኣ እቶም ንጓዓዝ ዘለና ዝያዳ ናህሪ ከነጥሪ ክኢልና። እምበርከ፣ ኣቦኻ ንምሉእ መዋእልካ ዘናብር ውርሻ እንተገዲፍልካ’ኳ፣ ንዕኡ እናበላዕካ ኮፍ ኢልካ ክትነብር ኣይግባእን’ዩ። ዝያዳ ውርሻ ዝያዳ ዕዳ’ዩ ክፈጥረልካ ዘለዎ። እቲ ምንታይሲ፣ ከምቲ ኣቦኻ ንዓኻ ዘውረሰካ፣ ንስኻ’ውን ዕጽፉ ንደቅኻ ከተውርሶም ኣለካ።

ሽግር’ኳ ብቐሊሉ ተረካባይ ኣይኮነን። መምህር ህይወትዶ ብቐሊሉ ተረካባይ’ዩ። ሽው’ንድያ ወዳን ጓላን ትልለ። ሽው’ንድዩ ከዳዕን ተባዕን ዝፍለጥ። ሽው’ንድዩ ኣድሃን ጀጀውን ዝፍለ። ሽውን’ድዩ በጊዕን ተኹላን ዝፈላለ። ሽው’ንድዩ ዝደስከለ ኣእምሮ ዝነቓቓሕ። ሽው’ንድዩ ጥበባት ዝፍልፍል። ሽው’ንድዩ ሰብን ዘይሰብን ዝልለ። ሽው’ንድዩ ቀጻልነት ዝወሓስ። ሽው’ንድዮም ተሓቢኦም ዝነበሩ ሜላታት ዝቀላቐሉ። ቶማስ ኤዲሰን’ኳ ካብ ጸልማት ይፈርሕ ሳላ ዝነበረ’ዩ መብራህቲ ፈጢሩ - ሽግር ጥበብ ስለትወልድ። እሞ ሽግራት እንተተደራሪቦም ደኣ ጉዕዞ ብከመይ’ዩ ክቕጸል? ጉዕዞ ክቕጽል’ዩ። እቲ ምንታይሲ፣ ጎድኑ ጎድኑ ፍትሓት ክፍልፍሉ’ዮም - ግልጽ ጥራይ በል ዓቕሊ ጌርካ - ኣብ ከባቢኻ ኣለዉ!

ንኺድ ጥራይ፣ ኣበይ ደኣ ከነዐርፍ። ንኺድ ጥራይ፣ እንታይ ኣመኽኒናኽ ደኣ ክንዕዘም? ንኺድ ጥራይ፣ ዘልሓጥሓት ዝብሉ እንተተረኽቡ’ውን ግልጽ ኣይንበሎም። ንኺድ ጥራይ፣ ክንከይድ ከለና ግን ሽግራት ከምዘለዉ፣ ኩርኳሓት ከምዘጓንፉና፣ ኣይሂ ክዘንብ ከምዝኽእል፣ መደራጋሓት ናባና ገጾም ከንከራርዉ ከምዝኾኑ፣ ብብርቱዕ ንፋስ ዝድፋእ ሃልሃልታ ናባና ገጹ ክመጽእ ከምዝኽእል፣ ባህርን ሰብን ዝበራረ ዕንቅፋታት ክውሕዙልና ምዃኖም ፈሊጥና ክንብገስ ኣለና። እዚኦም ግን ተስፋ ዘቑርጹ ዘይኮኑስ፣ ብሃንደበትነት ንከይንሰናበድን ዝያዳ ጥበብ ንክንፈጥርን ዝሕግዙ ኢዮም። ዕንቅፋታት ድማ ካብ ከይፍጠሩ ክፍጠሩ’ዩ ዝሓይሽ። ምኽንያቱ፣ ከተስተብህል እንተኽኢልካ ንነፍሲ ወከፍ ጸገም ብድሕሪኣ ፍታሕ ኣላታ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ እትፈትሓ ጸገም ነታ ስዒባ እትመጽእ ፍታሕ ዝኸውን ነገር ብልጭ ኣቢላትልካ’ያ እትሓልፍ።

ሰብ ዲኻ - ንጸገም ዘስግር ዓቕሊ ኣለካዶ? ሰብ ዲኻ - ንመከራ ዘጃጁ ሓይሊ ትውንንዶ? ሰብ ዲኻ - ንዕንቅፋታት ዝዕንቅፍ ሜላ ተፈልፍልዶ? ሰብ ዲኻ - ንተንኮላት ዘለሊ ብልሒ ኣለካዶ? እዚ እንተሃልዩካ ሰብ ኢኻ’ሞ ንዕንቅፋታት ብርግጽ ክትሰግሮምን ብዓስብኻ ክትሕጎስን ስለዝኾንካስ ንኺድ ጥራይ። እዚ ኩሉ እንተዘይብልካ ግን ኣበይ ደኣ ኣሎ’ሞ እቲ ሰብ ምዃን? ንኺድ ጥራይ፣ ሽግ ኣብ ኢድና ሒዝና። ንኺድ ጥራይ ብናይ ገዛእ ርእስና ብርሃን

**ንጸገም ዘስግር ዓቕሊ። ንመከራ ዘጃጁ ሓይሊ። ንዕንቅፋታት ዝዕንቅፍ ሜላ። ንተንኮላት ዘለሊ ብልሒ ስለዘሎካ - ንዕንቅፋታት ብርግጽ ክትሰግሮምን ብዓስብኻ ክትሕጎስን ኢኻ’ሞ። ንኺድ ጥራይ!!**

እናተመራሕና። ንኺድ ጥራይ ክንደይ ዘይሰገርና። ንኺድ ጥራይ፣ ስንቅና ኣደልዲልና። ንኺድ ጥራይ…።

* * * * * *

## 4ይ ክፋል

ርኢና'ንዲና ቁልዒ፣ ሓዊ ተባራዒ፣ ብሂወት ተጣላዒ። ሓሊፍናዮ'ንዲናስ ሞሶብና ቈሪሩ፣ ርፍራፍ ስኢኑ ይትረፍ ዘማምቕ፣ ጎነስ ይትረፍ ተሓሪምዎ ቋቕ፣ ንዘርኢ ተሳኢኑ ይትረፍ ንጥጥቕ። ሰጊርናዮ ግን - ኣይጸነትናን። እኳ ደኣ መሊሱ የሐርረና።

ነቲ ግብ ዝበለ ጸላም'ኳ ብሃሰሰ-ለባም ዘይኮነ ብርሃን ውሽጥና ወሊዕና ኢና ሰጊርናዮ። ሓሊፍናዮ'ንዲና ዓጸቦ 'መስገኖ' እናበልና። ሰጊርናዮ'ንዲና ዝልብልብ እሳት፣ ንሓድሕድና እናተዛሓሓልና። ሞይቶም ተባሂልና ብሓሳቦም ምስ ተገንዘና፣ ኣብ ቃሬዛ ዘይኮነስ ምስ'ቶም ቀባሮ ጸኒሕና።

ጸላም ዝሰገርና፣ ዓጸቦ ዝሓለፍና፣ ንሕማም ንፈልጦ፣ ንስቓይ ረቲዕናዮ። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ መባእታ ትርጉም ምንባር ንዓና ክምህረና። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ ንዓና ዝሓይሽን ዘይሓይሽን ኣንፈት ከርእየና ዝፍትን። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ ንዓና ስነ-ፍልጠት ሂወት ከስተምህረና ዝህቅን። ዓላማይ ናይ ሂወት ኣየድልየና መራሒ ኣንፈት፤ ኣሳጋሪ ውሕጅ ኣይንደሊ፣ መራሒ ፍኖት። ሎሚ ናይ ሂወት መምህር ኮይኑ፣ ስነ ሂወትዶ ስነቁጠባ እናበለ፣ 'ጠፋእኩም ንዑ ናባይ ስገዱ፣ ሕማቕ'ዩ ዘሎ ዘመን ባዕለይ ከአንፍተኩም' ዝብል እንተተረኽበ፣ ንድሕሪት ተመሊስና ኣቡጊዳ ከነጽንዕ ዝምዕድ ጎታቲ ኣማኻሪ ካብ ም'ዃን ሓሊፉ እንታይ ክባቑጠልና ይኽእል። ሎሚ ዓላማይ ሂወት መሲሉ ክመጽኣና ዝህቅን፣ ፍጡን ምረሻ እናኸድና ናብ ጋም-ማን መሊሱ ኣብ ሓደ ደው ኣቢሉና ክንነብር እንተዘይኮይኑ እንታይ ናህሪ'ዩ ክህበና?


ንዓይ መዓር ኣለኒ ንዓኻ ድማ ጠስሚ። ንሓወይ ዓሳ'ለዎ ንሓውኻ ድማ ባናና። ነደይ ሽሮ'ለዋ ነዴኻ ድማ ቋንጣ። ነቦይ ዕርፊ'ለዎ ነቦኻ ድማ ምሳር። እቲ ንዓይ ዘይብለይ ንዓኻ ኣለካ። እቲ ንዓኻ ዘይብልካ ድማ ንዓይ ኣለኒ። ብለውጢ ድዩ ብሓንከሳ፣ ብምድግጋፍ ድዩ ብምልፋን ንሕና ብንሕና ከንብር ዘኽእል ባህሊ እናሃለወና፣ ግናያት መሻርኽቲ እነማዕድወሉ ግዴታ የብልናን።

ንኺድ ጥራይ፣ እንተተዓኒድና ደኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ቤትና ዘሎ ከመይ ኣቢልና ክንርእዮ። ንኺድ ጥራይ፣ እንተተዓዚምና ደኣ ነቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ሰኣን ምስትብሃሉ ካብ ኢድ ካልኦት ከነቛምቶ'ንዲና። ንኺድ ጥራይ፣ ስጉሚ እንተቛሪጽና ደኣ ናብ ባሕሪ ዝሰደድናያ ኢድና ኣብ ክንዲ ዓሳና ሩዝ ናይ ካልኦት ተመጽዊቱላ ክትምለስ'ንድያ። ንኺድ ደኣ - ኩሉ ኣብ ውሽጥና ከምዘሎ ኣሚንና።

ቋሕ ዝበላ ኣዒንቲ ክእለተን ከርእያ ግዲ ደልየን፣ ካብ ኣብ ጥቓአን ዘሎ ኣብ ማዕዶ ዘሎ ምርኣይ'ዩ ዝብርሀን። ኣዒንትኻ ከፊትካ ምርኣይ ደኣኸ ማንም ዝገብሮ'ንድዩ። ውሽጥና ምእንቲ ክንርኢ፣ 'ኣብ ኢድካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ…' ምእንቲ ከይኮነና፣ ኣዒንትና ዓሚትና ንውሽጥና ነቋምት።

ኣይትዝክሩን'ዲኹም ትማሊ፣ ምእንቲ ክንርኢዶ ኣይኮንናን ኣዒንትና ዝዓመትና። ምእንቲ ክንሰምዕዶ ኣይኮንናን ኣእዛንና ዝሓተምና። ምእንቲ ክንድህስስዶ ኣይኮንናን ኣእዳውና ናብ ነብስና ገጽና ዘጺጋዕና። እቲ ምንታይሲ፣ እቲ ንብርሃን ውሽጡ ዝርኢ፣ ንድምጺ ውሽጡ ዝሰምዕ፣ ንኩነታት ነብሱ ዝድህስስ ነብሱ ስለዘይገግያ፣ ብትሕዞ ካልኦት ኣይወናወንን - እንተዘይብሉስ ክውንኖ ደኣ ህርድግ ይብል'ምበር። መቓልሕ ውሽጡ ሰሚዑ ንትእዛዛት ልቡ ስለዝምእዘዝ፣ ብድምጺ ካልኦት ኣይተዓሻሾን። ሓይሊ ውሽጡ ስለዘለሊ ብሓይሊ ካልኦት ኣይጃጁን። ንቅኑዕን ተንኮለኛን ኣማኻሪ ዝፈሊ ብልሒ ስለዘለዎ ድማ፣ ምስ ቅኑዓት መሻርኽቲ ደኣ ይላፈን'ምበር ብስም ሽርክነት ንዘኽድሙስ ኣይድህለሎምን።

ኪኖ እዘን ኣርባዕተ ዓበይቲ መኣዝናት ካልእ ረኺቦ'ሞ ከርእየኩም ዝብል እንተመጺኡ፣ እምነትናን መስመርናን ኣብ u4710 .ታኡ እንከሎ ሓድሽ ከምጽእ ዝኽእል እንተኮይኑ ብዓቕሊ ኣብ መስመርና ኴንና ነቋምቶ። ነተን ከም ጻዕዳ ኢድና ንፈልጠን ኣርባዕተ መኣዝን ከርእየና እንተደልዩ ግን ንከንቱነት ዝኸውን ግዜ ስለዘይብልና ጉዕዞና ንቕጽል።









ብቋንቋና እናጸሓፍና እንከለና ገዛእ ፊደላትና ክምሀሩና ዝፍትኑ፣ ብቋንቋና ጽቡቕ እናተረዳዳእና፣ ‘ኣይፋልኩምን እዚ ቋንቋ'ዚ ጽቡቕ ስለዘየረዳዳኣኩም ቋንቋና ክንዕልመኩም’ ዝብሉ፣ ቃላትና ብያ ኢልና ብምልክት ጥራይ ምርድዳእ ከምዝሕሸና ክምዕዱ ዝፍትኑ ጎተትቲ መኻሮ'ኳ ርኢና ኢና። ከመይ'ሞ ሎሚ ሓዲድና ምስደልደለ፣ እንግደዓና ምስ ሰወደ፣ ጸጋታትና ምስተጋህደ፣ ምስልና ምስሉ ምስወለደ ብሰብ ቁንጣሮ ጥበብ ሰንደልደል ኢልና ዛንታና ሓኺኽና ንዛንታኦም ከነድንቕ ንኽእል። ከመይ'ሞ ሎሚ ንሽሻይና ዕሽሽ ኢልና ተቛመትቲ ሽሻዮም ክንከውን ይጽበዩና። ከመይ'ሞ ሎሚ ንሰብሲ ይትረፍ ንተፈጥሮ ዝሰዓረ ቅያ እናሃለወና ንውዕሎኦም ተሃኒንና ክንሰምዕ ንዕደም።

ኣብ ጥቓ ብርቱዕ ሓውስ ይትረፍ ኣብ ሞቕሎ ተቐሊና ክንወጽእ ዘኽኣለ ተጻዋርነት፣ ንሽልቀኡ ሃሩርሲ ይትረፍ ንሓዊ ኡፍ ኢሉ ኣብ ዝባኑ ዘዝሓለ ጽንዓት፣ ንዋይሲ ይትረፍ ሂወት ከም ህያብ ዘበርክት ተወፋይነት እናሃለወና፣ እንታይ ዛንታ ጽንዓት ክንሰምዕ፤ እንታይ ተሞክሮ ተወፋይነት ክንቀስም፤ እንታይ ምህሮ ተጻዋርነት ክንቀስም ኢና ማዕዶ እነማዕዱ። ሓርጭን ሓውን እናሃለወና፣ ሞቕሎ ካልኦት ሃረር ካብ ንብል ኣብ ከባቢና ንዘሎ ከቢብ እምኒ ኣስተብሂልና ብርኩታና ኣኽቢብና ተደሪርና ክንሓድር ንኽእል ኢና። ብጸቢብ ጸበባ እንተተዳሂልና ግን ሞቕሎ ኣብ ኢድና ከሎ'ውን ከቢብ እምኒ ክንልምን ኣሽሓት ማይላት ክንጓዓዝ ኢና።

ሓሚምና ዝሓወና፣ ዓቢርና ዝሰወድና፣ ተቜሊና ዝዓንበብና፣ ሓሪርና ዝጻዕደውና ህዝቢ'ሞ መን'ዩ ሎሚ ትርጉም ምንባር ክነግረና። ባዕልና ዝደረስናዮ መጽሓፍ ከንብበልና፣ ምስ ፊደላትና ከላልየና፣ ንቋንቋና ተርጒሙ ክነግረና ሃሪፉ ዝመጽእ እንተሃልዩ፣ ክብሪ ግዜ እንታይ ምኻኑ ምሂርና ምመለስናዮ።

ምንባር'ኳ ንጉሆ ንጉሆ ምጅማር ኣይኮነን። ምንባር፣ ነቲ ንጉሆ ንጉሆ ምጅማር ከተስተማቕሮ ምኽኣል'ዩ። ንዘለካ ኣፍቂርካ ዓቕሊ ጌርካ ምጉዓዝ'ዩ። መን'ሞ ከማና ጎይታ ዓቕሊ፣ መንሞ ከማና ንጉስ ፍቕሪ፣ መን'ሞ ከማና ንነፍሲ ወከፍ ጸሓይ ብራቕን ዕራብን ዘስተማቕረ፣ መን'ሞ ከማና ገጻት ሂወት ዝርኣየ፣ መን'ሞ ከማና ንሂወት ብዙሕ ሕሰማን ውሑድ ጣዕማን ዝቐመሰ። ንሰብሲ ይትረፍ ንሂወት ንባዕላ ምስ ነብሳ ከላሊ ዘኽእል ተሞክሮ’’ለና።

ትማሊ ንዝርኣየ፣ ዛንታ ትማሊ ሰሚዑ ንዘስተማቐረ፣ ውዕሎ ትማሊ ኣብ ማህጸን ኣእምሮኡ ንዝዓቈረ ጽባሕ ቀረባ'ያ - እታ ሕልምና ብርግጽ እነግህደላ ጽባሕ! ዓቕሊ ግን የድሊ - ካብ ሎሚ ንጽባሕ ዘሳግር ድልድል። ዓቕሊ ግን የድሊ - ዓሳ ክሳብ ዝኽሸን ፍሩታ ክሳብ ዝበስል ዘሳሊ። ዓቕሊ ግን የድሊ - ሞሶብ ክሳብ ዝስፋ መዓር ክሳብ ዝጽፈ ዘጽቢ ዓቕሊ። ዓቕሊ'ወ የድሊ - እቲ ርግጽ ሽሻይ ክሳብ ዝቐረብ ዓቕሊ!

ንሰማይ ገጹ ዘንቃዕርር ጋሻ ውሕጅ'ኳ ብፍጥነት ብርሃን ኢና ሰጊርናዮ። ካሕ ካሕ ካብ ዝበለ ገደል ካብ ከውሒ ብጽንዓትና ሓቚቕ ኣፈልፊልናዮ። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ ብዛዕባ ጽሬት ማይ ነሓሰ ክስተምህረና። መን'ዩ ኣሳጋጋር ውሕጅ ክነግረና።

ክንደይ ዝተፋሕሱ ተንኮላት'ሞ ዘይበተኽና። ንክንደይ ዓንደርቲ ምስ ነብሶም ዘየላለና። ክንደይ ደወንቲ ምስሊ ዘየናዘዝና። ክንደይ ኣብ ጽውጽዋያት ክዝንተዉ ከለዉ ዘይፍጸሙ ትእምርቲ ዝመስሉ ዝነበሩ ብተግባር ዘየርኣና። ክንደይ ሕልምታት ዘየግሃድና። ሕጂ'ውን ንኺድ ናብ'ታ ሕልምና እነግህደላ፣ ትግባረ ንድፍና እነረጋግጸላ፣ ዘይተጻዕድነትና መመሊስና እነኾላዓላ ኣንፈት። ንኺድ በቲ ትማሊ ዝኸድናሉ መስመር ብካልእ ስጉሚ። ንኺድ ንዛንታ ትማሊ ብሓድሽ ዛንታ ነድምቆ። እንታይ ሓድሽ ተኣምራትዶ ክመጽእ'ዩ።

ሕብሪ ሰማይ ካብ ቀደሙ ኣይክቕየርን ኢዩ። እታ ትማሊ ዓሪባ ዝበረቐት ጸሓይ ሎሚ'ውን ሓድሽ መስርሕ ኣይከተምጽእን'ያ።

ጣቓ ናብ ደመና'ምበር ደበናና ናብ ጣቓ ዝቕይር ሓድሽ ሓይሊ ካበይ'ዩ ክመጽእ። ዘይተፈተንናሉ ሽርሒ፣ ዘይንፈልጦ ጥበብ ካበይ'ዩ ክምንጩ ሕጂ። እቲ ድሕሪ ምጽናቱ ዝተፈጠርና ዳይኖሰር ዳግም እንተተፈጥረ'ውን ድሮ ካብ ዛንታኡ ንዕኡ ዝምክት ጥበብ ስለዘዋህለልናስ ኣይክንርዕድን፣ ኣይክንጃጁን ኢና። መዓስዶ ተጠራጢርና ንፈልጥ ኢና። ''ኣይትጠራጠሪ ዓደይ ከይጠልም ክረምቲ፤ ሳላ ውሁድ ጉዕዞ ወትሩ ለምለም ወቕቲ፤ ኣይትጠራጠሪ ጓና እንተግዓረ፤ መን ቁልፉ ከይፈትሕ ከየዝልቕ ስረ፤ ኣይትጠራጠሪ ጉዕዞ ነዊሕና፤ ኣላሽ ከይንብል ተስፋ ርሒቑና፤ ኣይትጠራጠሪ ኣሎ ኒሕ ትማሊ፤ ኣይትጠራጠሪ ክስገር'ዩ ብዓቕሊ - ዓደይ!'' ንበላ።

ንኺድ ጥራይ፣ ብንኽዶ ዘለና ቅኑዕ መስመር።

ርኢና'ንዲና ቁልዒ፣ ሓዊ ተባራዒ፣ ብሂወት ተጣላዒ። ሓሊፍናዮ'ንዲናስ ሞሶብና ቈሪሩ፣ ርፍራፍ ስኢኑ ይትረፍ ዘማምቖ፣ ጎጎስ ይትረፍ ተሓሪምዎ ቋቖ፣ ንዘርኢ ተሳኢኑ ይትረፍ ንጥጥቖ። ሰጊርናዮ ግን - ኣይጸነትናን። እኳ ደኣ መሊሱ የሐርነና። ነቲ ግብ ዝበለ ጸላም'ኳ ብሃሰሰ-ለባም ዘይኮነ ብርሃን ውሽጥና ወሊዕና ኢና ሰጊርናዮ። ሓሊፍናዮ'ንዲና ዓጸቦ 'መስገኖ' እናበልና። ሰጊርናዮ'ንዲና ዝልብልብ እሳት፣ ንሓድሕድና እናተዛሓሓልና። ሞይቶም ተባሂልና ብሓሳቦም ምስ ተገንዘና፣ ኣብ ቃሬዛ ዘይኮነስ ምስ'ቶም ቀባሮ ጸኒሕና።

ጸላም ዝሰገርና፣ ዓጸቦ ዝሓለፍና፣ ንሕማም ንፈልጦ፣ ንስቓይ ረቲዕናዮ። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ መባእታ ትርጉም ምንባር ንዓና ክምህረና። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ ንዓና ዝሓይሽን ዘይሓይሽን ኣንፈት ከርእየና ዝፍትን። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ ንዓና ስነ-ፍልጠት ሂወት ክስተምህረና ዝህቅን። ዓላማይ ናይ ሂወት ኣየድልየና መራሒ ኣንፈት፤ ኣሳጋሪ ውሕጅ ኣይንደሊ፣ መራሒ ፍኖት። ሎሚ ናይ ሂወት መምህር ኮይኑ፣ ስነ ሂወትዶ ስነቁጠባ እናበለ፣ 'ጠፋእኩም ንዑ ናባይ ስገዱ፣ ሕማቕ'ዩ ዘሎ ዘመን ባዕለይ ከአንፍተኩም' ዝብል እንተተረኽበ፣ ንድሕሪት ተመሊስና ኣቡጊዳ ከነጽንዕ ዝምዕድ ጎታቲ ኣማኻሪ ካብ ምኻን ሓሊፉ እንታይ ክባቐጠልና ይኽእል። ሎሚ ዓላማይ ሂወት መሲሉ ክመጽኣና ዝህቅን፣ ፍጡን ምረሻ እናኸድና ናብ ጋም-ማን መሊሱ ኣብ ሓደ ደው ኣቢሉና ክንነብር እንተዘይኮይኑ እንታይ ናህሪ'ዩ ክህበና?

ንዓይ መዓር ኣለኒ ንዓኻ ድማ ጠስሚ። ንሓወይ ዓሳ'ለዎ ንሓውኻ ድማ ባናና። ነደይ ሽሮ'ለዋ ነዴኻ ድማ ቋንጣ። ነቦይ ዕርፊ'ለዎ ነቦኻ ድማ ምሳር። እቲ ንዓይ ዘይብለይ ንዓኻ ኣለካ። እቲ ንዓኻ ዘይብልካ ድማ ንዓይ ኣለኒ። ብለውጢ ድዩ ብሓንከሳ፣ ብምድግጋፍ ድዩ ብምልፋን ንሕና ብንሕና ከንብር ዘኽእል ባህሊ እናሃለወና፣ ግናያት መሻርኽቲ እነማዕድወሉ ግዴታ የብልናን።

ንኺድ ጥራይ፣ እንተተዓኒድና ደኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ቤትና ዘሎ ከመይ ኣቢልና ክንርእዮ። ንኺድ ጥራይ፣ እንተተዓዚምና ደኣ ነቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ሰኣን ምስትብሃሉ ካብ ኢድ ካልኦት ከነቋምቶ'ንዲና። ንኺድ ጥራይ፣ ስጉሚ እንተቋሪጽና ደኣ ናብ ባሕሪ ዝሰደድናያ ኢድና ኣብ ክንዲ ዓሳና ሩዝ ናይ ካልኦት ተመጽዊቱላ ክትምለስ'ንድያ። ንኺድ ደኣ - ኩሉ ኣብ ውሽጥና ከምዘሎ ኣሚንና። ቋሕ ዝበላ ኣዒንቲ ክእለተን ከርእያ ግዲ ደልየን፣ ካብ ኣብ ጥቓአን ዘሎ ኣብ ማዕዶ ዘሎ ምርኣይ'ዩ ዝብርህን። ኣዒንትኻ ከፊትካ ምርኣይ ደኣኸ ማንም ዝገብሮ'ንድዩ። ውሽጥና ምእንቲ ክንርኢ፣ 'ኣብ ኢድካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ...' ምእንቲ ከይኮነና፣ ኣዒንትና ዓሚትና ንውሽጥና ነቋምት።

ኣይትዝክሩን'ዲኹም ትማሊ፣ ምእንቲ ክንርኢዶ ኣይኮንናን ኣዒንትና ዝዓመትና። ምእንቲ ክንሰምዕዶ ኣይኮንናን ኣእዛንና ዝሓተምና። ምእንቲ ክንድህስስዶ ኣይኮንናን ኣእዳውና ናብ ነብስና ገጽና ዘጸጋዕና። እቲ ምንታይሲ፣ እቲ ንብርሃን ውሽጡ ዝርኢ፣ ንድምጺ ውሽጡ ዝሰምዕ፣ ንኩነታት ነብሱ ዝድህስስ ነብሱ ስለዘይገግያ፣ ብትሕዞ ካልኦት ኣይወናወንን - እንተዘይብሉስ ክውንኖ ደኣ ህርድግ ይብል'ምበር። መቓልሕ

ውሽጡ ሰሚዑ ንትእዛዛት ልቡ ስለዝምእዘዝ፣ ብድምጺ ካልኦት ኣይተዓሻሸን። ሓይሊ ውሽጡ ስለዘለሊ ብሓይሊ ካልኦት ኣይጃጁን። ንቅኑዕን ተንኮለኛን ኣማኻሪ ዝፈሊ ብልሒ ስለዘለዎ ድማ፣ ምስ ቅኑዓት መሻርኽቲ ደኣ ይላፈን'ምበር ብስም ሽርክነት ንዘሽድሙስ ኣይድህለሎምን።

ኪኖ እዘን ኣርባዕተ ዓበይቲ መኣዝናት ካልእ ረኺበ'ሞ ከርእየኩም ዝብል እንተመጺኡ፣ እምነትናን መስመርናን ኣብ u4710 .ታኡ እንከሎ ሓድሽ ከምጽእ ዝኽእል እንተኮይኑ ብዓቕሊ ኣብ መስመርና ኳንና ነቋምቶ። ነተን ከም ጻዕዳ ኢድና ንፈልጠን ኣርባዕተ መኣዝን ከርእየና እንተደልዩ ግን ንከንቱነት ዝሽውን ግዜ ስለዘይብልና ጉዕዞና ንቕጽል።

ብቋንቋና እናጸሓፍና እንከለና ገዛእ ፊደላትና ክምህሩና ዝፍትኑ፣ ብቋንቋና ጽቡቕ እናተረዳዳእና፣ 'ኣይፋልኩምን እዚ ቋንቋዚ ጽቡቕ ስለዘየረዳዳኣኩም ቋንቋና ክንዕልመኩም' ዝብሉ፣ ቃላትና ብያ ኢልና ብምልክት ጥራይ ምርድዳእ ከምዝሕሸና ክምዕዱ ዝፍትኑ ኀተትቲ መኻሮ'ኳ ርኢና ኢና። ከመይ'ሞ ሎሚ ሓዲድና ምስደልደለ፣ እንግደዓና ምስ ሰወደ፣ ጺጋታትና ምስተጋህደ፣ ምስልና ምስሉ ምስወለደ ብሰብ ቁንጣሮ ጥበብ ሰንደልደል ኢልና ዛንታና ሓኺኽና ንዛንታኦም ከነድንቕ ንኽእል። ከመይ'ሞ ሎሚ ንሽሻይና ዕሽሽ ኢልና ተቓመትቲ ሽሻዮም ክንከውን ይጽበዩና። ከመይ'ሞ ሎሚ ንሰብሲ ይትረፍ ንተፈጥሮ ዝሰዓረ ቅያ እናሃለወና ንውዕሎኦም ተሃኒንና ክንሰምዕ ንዕደም።

ኣብ ጥቓ ብርቱዕ ሓውስ ይትረፍ ኣብ ሞቕሎ ተቐሊና ክንወጽእ ዘኽኣለ ተጻዋርነት፣ ንሽልቍ ሃሩርሲ ይትረፍ ንሓዊ ኡፍ ኢሉ ኣብ ዝባኑ ዘዝሓለ ጽንዓት፣ ንዋይሲ ይትረፍ ሂወት ከም ህያብ ዘበርክት ተወፋይነት እናሃለወና፣ እንታይ ዛንታ ጽንዓት ክንሰምዕ፤ እንታይ ተሞክሮ ተወፋይነት ክንቀስም፤ እንታይ ምህሮ ተጻዋርነት ክንቀስም ኢና ማዕዶ እነማዕዱ። ሓርጭን ሓውን እናሃለወና፣ ሞቕሎ ካልኦት ሃረር ካብ ንብል ኣብ ከባቢና ንዝሎ ከቢብ እምኒ ኣስተብሂልና ብርኩታና ኣኽቢብና ተደሪርና ክንሓድር ንኽእል ኢና። ብጸቢብ ጸበባ እንተተዳሂልና ግን ሞቕሎ ኣብ ኢድና ከሎ'ውን ከቢብ እምኒ ክንልምን ኣሽሓት ማይላት ክንጓዓዝ ኢና።

ሓሚምና ዝሓወና፣ ዓቢርና ዝሰወድና፣ ተቘሊና ዝዓንበብና፣ ሓሪርና ዝጻዕደውና ህዝቢ'ሞ መን'ዩ ሎሚ ትርጉም ምንባር ክነግረና። ባዕልና ዝደረስናዮ መጽሓፍ ከንብበልና፣ ምስ ፊደላትና ከላልየና፣ ንቋንቋና ተርጒሙ ክነግረና ሃሪፉ ዝመጽእ እንተሃልዩ፣ ክብሪ ግዜ እንታይ ምኻኑ ምሂርና ምመለስናዮ።

ምንባር'ኳ ንጉሆ ንጉሆ ምጅማር ኣይኮነን። ምንባር፣ ነቲ ንጉሆ ንጉሆ ምጅማር ከተስተማቕሮ ምኽኣል'ዩ።

ንዘለካ ኣፍቂርካ ዓቕሊ ጌርካ ምጉዓዝ'ዩ። መን'ሞ ከማና ጎይታ ዓቕሊ፣ መንሞ ከማና ንጉስ ፍቕሪ፣ መን'ሞ ከማና ንነፍሲ ወከፍ ጸሓይ ብራቕን ዕራብን ዘስተማቐረ፣ መን'ሞ ከማና ገጻት ሂወት ዝርኣየ፣ መን'ሞ ከማና ንሂወት ብዙሕ ሕሰማን ውሑድ ጣዕማን ዝቐመሰ። ንሰብሲ ይትረፍ ንሂወት ንባዕላ ምስ ነብሳ ከላሊ ዘኽእል ተሞክሮ'ለና። ትማሊ ንዝርኣየ፣ ዛንታ ትማሊ ሰሚዑ ንዘስተማቐረ፣ ውዕሎ ትማሊ ኣብ ማህጸን ኣእምሮኡ ንዝዓቘረ ጽባሕ ቀረባ'ያ - እታ ሕልምና ብርግጽ እነግህደላ ጽባሕ! ዓቕሊ ግን የድሊ - ካብ ሎሚ ንጽባሕ ዘሳግር ድልድል። ዓቕሊ ግን የድሊ - ዓሳ ክሳብ ዝኽሽን ፍሩታ ክሳብ ዝበስል ዘሳሊ። ዓቕሊ ግን የድሊ - ሞሶብ ክሳብ ዝስፈ መዓር ክሳብ ዝጽፈ ዘጽቢ ዓቕሊ። ዓቕሊ'ወ የድሊ - እቲ ርግጽ ሽሻይ ክሳብ ዝቕረብ ዓቕሊ! ንሰማይ ገጹ ዘንቃዕርር ጋሻ ውሕጅ'ኳ ብፍጥነት ብርሃን ኢና ሰጊርናዮ። ካሕ ካሕ ካብ ዝበለ ገደል ካብ ከውሒ ብጽንዓትና ሓቚቕ ኣፈልፊልናዮ። እሞ መን ደኣ'ዩ ሎሚ ብዛዕባ ጽሬት ማይ ነሓሰ ከስተምህረና። መን'ዩ ኣሳጋጋር ውሕጅ ክነግረና።

ክንደይ ዝተፋሕሱ ተንኮላት'ሞ ዘይበተኽና። ንክንደይ ዓንደርቲ ምስ ነብሶም ዘየላለና። ክንደይ ደወንቲ ምስሊ ዘየናዘዝና። ክንደይ ኣብ ጽውጽዋያት ክዝንተዉ ከለዉ ዘይፍጸሙ ትእምርቲ ዝመስሉ ዝነበሩ ብተግባር ዘየርኣና። ክንደይ ሕልምታት ዘየግሃድና። ሕጂ'ውን ንኺድ ናብ'ታ ሕልምና እነግህደላ፣ ትግባረ ንድፍና እነረጋግጸላ፣ ዘይተጻዕድነትና መመሊስና እነኾላዓላ ኣንፈት። ንኺድ በቲ ትማሊ ዝኸድናሉ መስመር ብካልእ ስጕሚ። ንኺድ ንዛንታ ትማሊ ብሓድሽ ዛንታ ነድምቆ። እንታይ ሓድሽ ተኣምራትዶ ክመጽእ'ዩ።

ሕብሪ ሰማይ ካብ ቀደሙ ኣይክቕየርን ኢዩ። እታ ትማሊ ዓሪባ ዝበረቐት ጸሓይ ሎሚ'ውን ሓድሽ መስርሕ ኣይከተምጽእን'ያ። ጣቓ ናብ ደመና'ምበር ደበናና ናብ ጣቓ ዝቕይር ሓድሽ ሓይሊ ካበይ'ዩ ክመጽእ። ዘይተፈተንናሉ ሽርሒ፣ ዘይንፈልጦ ጥበብ ካበይ'ዩ ክምንጩ ሕጂ። እቲ ድሕሪ ምጽናቱ ዝተፈጠርና ዳይኖሰር

ዳግም እንተተፈጥረ'ውን ድሮ ካብ ዛንታኡ ንዕኡ ዝምክት ጥበብ ስለዘዋህለልናስ ኣይክንርዕድን፣ ኣይክንጃጁን ኢና።



መዓስዶ ተጠራጢርና ንፈልጥ ኢና። ''ኣይትጠራጠሪ ዓደይ ከይጠልም ክረምቲ፤ ሳላ ውሁድ ጉዕዞ ወትሩ ለምለም ወኾቲ፤ ኣይትጠራጠሪ ጓና እንተግዓረ፤ መን ቁልፉ ከይፈትሕ ከየዝልቕ ስረ፤ ኣይትጠራጠሪ ጉዕዞ ነዊሕና፤ ኣላሽ ከይንብል ተስፋ ርሒቑና፤ ኣይትጠራጠሪ ኣሎ ኒሕ ትማሊ፤ ኣይትጠራጠሪ ክስገር'ዩ ብዓቕሊ - ዓደይ!'' ንበላ።


ንኺድ ጥራይ፣ ብንኽዶ ዘለና ቅኑዕ መስመር።

* * * * * *

## 5ይ ክፋል

***ናጽነት ኮይኑ። ንኺድ ግን ገና ኣይበጻሕናን ዘለና። ኣበይከ ክንበጽሕ - መወዳእታ መስመር ሓንጺጽና መዓስ ተበጊስና። መመሊሱ'ንድዩ ሓድሽ ጉዕዞ ዝጀምር ዘሎ። ንኺድ'ምበር ሎሚ'ውን። እንታይ ሓድሽ ነገር ተረኺቡ ደኣ ጉዕዞ ከነቋርጽ።***

***ክንደይ ናይ ዕስለ ነብሕታት'ሞ ዘይሰማዕና። ክንደይ ዘየለዉኽ ብዛዕባ ህላውነትና ጫውጫው ዘይበሉ። ክንደይ ኣብ ስነ-ኣምሮኣዊ ነውጺ ዝኣተዉኽ ጉዕዞና ኣፍሪሕዎም 'ዓንቅፉልና'ባ' እናበሉ ናይ ኣውያትን ሕስድናን ምሕጽንታታት ዘየቕረቡ። ንኺድ ጥራይ፣ በዚ እንተንተዓናቕፍዶ ናጽነት ህያው ኮይና ኢልኩማ።***



"ብዓቕልን ትዕግስትን ከይተሓለልና ክንሰርሕ ኢና!"

***ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዘለዋ ናይ ቡን ዕቑባት፣ ተተኣኪበን ናይ ሕሜታ ውሳነታት እንተሕለፉ'ሞ፣ መዓስ ሓድሽ ኮይኑ ንዓና። የደንግጻና'ምበር መዓስ የናውጻና። ህላውነቱ ዝጠለሞ ሰብ ብህላውነት ካልኦት እንተሓመመ፣ ናይ ተለኻኺምና ንልመስ ሕማም ኢዩ'ሞ፣ መድሃኒት ክረክብ ንምነየሉ'ምበር 'ኤህ' ኢሉ ረጊሙ ጉዕዞና ከየተዓናቕፈና መዓስ ንሰግእ። ንኺድ ጥራይ፣ በዚ እንተንተዓናቐፍዶ እዚ ኩሉ ተጓዒዝና ኣብዚ ምበጻሕና ኢልኩምና።***

ኅቦ ክጸንሕ’ዩ ኣብ ቅድሜና፣ ነዲልና ንሕለፎ። ውሕጅ ከኳልመና’ዩ፣ ብሜላ ንስገሮ። ከም ገለ ኣብ ጉዕዞ ከለና መሬት ዓይኒ ሕዝ ከብል ይኽእል’ዩ፣ ብርሃን ውሽጥና ወሊዕና ብርሃን ኳዕ ነብሎ። ዝነብሑ ዕስለታት ክጸንሑና’ዮም፣ ጎራፋት ኣስናን ኢዮም’ሞ ግልጽ ከይበልናዮም ንሕለፍ። ጭው ዝበለ ሓጋይ ክጸንሕ ይኽእል’ዩ፣ ትሕቲ’ቲ ከውሒ ወሓዚ’ሎ ኣስተብሂልና ንፍሓሮ። ናብ ገደል ዝመርሕ ሓባሪ መገዲ ተዳልዩ ክጸንሕ ይኽእል’ዩ፣ እዝኒ ኣይንሃቦ - ኣንፈተይ ፈሊጠ’የ ተበጊሰ ንበሎ። ንኺድ ጥራይ፣ በዚ እንተንታለልዶ ናጽነት ኮይና ኢልኩማ።

ንኺድ ደኣ። ገድሊ ንናጽነት ደኣ ዘይመመሊሱ’ዩ ካልኦት ገድልታት ዝፈጥር። ድሕሪ ናጽነት ዘለዉ ገድልታት’ኳ ይበዝሑ። ገድሊ ንምውሓስ ልኡላውነት፣ ገድሊ ንምርግጋጽ ርጉእ ቁጠባ፣ ገድሊ ንቀጻልነት ክብርታት፣ ገድሊ…። እቲ ህጻን ይጋደል፣ እቲ መንእሰይ ይጋደል፣ እቲ ኣቦ ይጋደል፣ እታ ኣደ ትጋደል…- ሃገረ ተጋደልቲ። ኩልና እንተዘይንጋደልዶ መዓት ገደላት ጎልጎል ኮይኑ ኢልኩሞ።

ክንደይ እንድዮም ንሃገራዊ መዝሙርና ብግልባጡ ወይ ብኣንጻሩ ጌሮም ክዝምርዎ ክብሉ ሃገራዊ መዝሙሮም ረሲያሞ። ክንደይ’ንድዮም ባህልና ንምብራዝ ሒኹ ክብሉ ባህሎም ኣጥፊኦሞ። ክንደይ’ንድዮም ብዛዕባ ዕንቅፋትና ጥራይ ክሓስቡ ጉዕዞኦም ረሲያሞ። እቶም ትማሊ ምሳና ኣብቲ ጉድጓድ ዝነበሩ’ሞ ብጻዕርና ካብቲ ጉድጓድ ምስ ወጻእና ስሒብና ዘውጻእናዮም፣ ሎሚ ድማ ኣብ ዘየርክቡና ብራኸ ምስ በጻሕናስ ንታሕቲ ክስሕቡና ኀረቤት ጸዊያም ይተሓናገሩ’ለዉ። ምትሕንጋር ዘይተርፎም ላዕሊ ንምድያብ ከይከውን ግን፣ ጫፍ እግርና ምስሓዙስ ወጢጦምና ንታሕቲ ንምምላስ’ዩ - እቲ ምትሕንጋር። ንታሕቲ ከውርዱና ጥራይ ዘይኮኑስ፣ ክንደይ’ንድዮ ፈጺሞም ንከጽንቱና ዓመታት ተሓናጊሮም። ንኺድ ጥራይ፣ ናይ ተንኮል ምትሕንጋር እንተዘሰንፈናዶ፣ ምልኣት ጸሓይ ርኢና ኢልኩሞ ኢኹም።

ኣየናይ ዘመንከ ሰብ ጥዑም ፋል መጺኦሙና ኢና’ሞ፣ ሎሚ ዓለም ጭንቂ ዕላላ ‘ዘመን ይመርር ኣሎ’ እናበለት ነቲ ባዕላ ክትሓናትኾ ትደሊ ዘላ ዘመን ስለዝቖዘመትሉ ከብድና ክገላበጥ። ኣብዛ መሬት ዝነብሩ ነብያት ኣለዉ እንተደኣኮይናዎም ባዕልና ምስቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ስለእንኸውንሲ፣ ብትምቢት ካልኦት መዝሙር ዕርቃን ኣይንዝምርን። ንኺድ ጥራይ፣ በዝን ወድከምዝን ንቑዝም እንተንኸውንዶ ሎሚ ንሕና ምኾንና ኢልኩምና ኢኹም።

ንኺድ ደኣ ይጽበየና’ሎ እቲ ጎላጉል። ንኺድ ደኣ ይጽበየና’ሎ እቲ ግራት ድንኩል። ንኺድ ደኣ ይጽበየና’ሎ እቲ ሩባ። ንኺድ ንኺድ ብዙሕ’ዩ ዝጽበየና ዘሎ። ውዕሎ ነብሰን ረሲዐን ንካልኦት ብዝማእመኣን ስም ከጠምቓ ዝውዕላ ዕቁባት፣ ንዕኣን ብዝማእመኣን መገዲ ባጅላ ክህባ እንተፈተና፣ ተግባርናን ምንዮትናን ባዕልና ኣዳዕዲዕና ስለእንፈልጦ፣ ብውጫጩኣን ዝሕንኮል ስጉሚ የብልናን። ንኺድ ጥራይ፣ በዚን ወዲ ከምዝን እንተንተዓናቐፍዶ እዚ ኩሉ ዕማም ተዓሚሙ።

ምስ ኩነታት ደኣ ኣነባብራና ንተዓጻጸፈሉ’ምበር፣ ብዝናፈስ ወረታት ተሰናቢድናዶ ተሰፋና ከይጽንቀቕ። ክረምቲ ክጠልም ከሎ’ኳ፣ ብከመይ ክረምትና ንፈጥር ኢልና ኢና ተባላሒትና’ምበር፣ ‘ኦሮማይ ዕድልና’ዩ’ ኢልና ጻብዕትና ቈራዕራዕ ኣየበልናን። እምባታት ቁመቶም ወሲኹ ሓዲሩ ጩራ ጸሓይ ብራቕ እንተጋረዱናስ ልዕሊኦም ደኣ ንብርኽ’ምበር፣ ርኢናዮ ዘይንፈልጥ ሓድሽ ክስተት መጺኡ ኢልና ጃጂና ኣብ ትሕቲ ኮበርታና ተዓምጺጽና ኣይንውዕልን። በዚ እንተንጃጁዶ ንሕና ኴንና ኢልኩምና።

ንኺድ ጥራይ፣ ክንብገስ ከለና ግን ኣንፈትና ኣነጺርና ንበገስ። ብዓይንና(ብልብና) ዝርኣየና ጩራ እንተደኣዘየሎ ግን ንኣእዛንና ኣሚንና ኣይንበገስ። ኣእዛን ብግናይ ወረ ቀልጢፈን’የን ዝደሃላ። ብዘወናውን ወረ ከኣ ቀልጢፈን ይማረኻ። ክንደይ’ንድዮም ኣእዛኖም ኣሚኖም ሳጊሞም ሕብስተ-ቁርባን ተጸብዮም ከይዶም ቁርሲ ቡን ጋኔን ተቛዲሶም። ንኺድ ጥራይ፣ ብእዝኒ ዘይኮነ ብልቢ፣ ብኣእጋር ዘይኮነ ብንቕሓት፣ ናብ ማዕዶ ዘይኮነ ናብ ውሽጢ።

እቲ ትማሊ’ኳ፣ እቲ ትማሊ ስርናይን ክርዳድን ብሓደ ዝምሕዉ፣ ጁባና ኳሕኵሖም፣ ማዕተብና ክበትኩ ሒኹ ክብሉ፣ ቈፎና’ውን ክኸውን ጥርሑ፣ ሞራል ሳላ ዘበረኸና፣ ዓቕሊ ሳላ ዝመላእና፣ ኪኖ ኣእዛንና ንውሽጥና ሳላ ዝሰማዕና’ንዲና ሰጊርናዮ። ንኺድ ጥራይ፣ እዛ ንፈልጣ ዓለም’ሞ ሎሚ እንታይ ዘይስገር ሓድሽ ከይተምጽእ’ያ። ናይ ሓዋሩ ሕልምኻ ከተግህድሲ ይትረፍ፣ ነዛ ሓንሳብ ትቐምሳ መዓር ከተምጽእ’ኳ ኣብ ገደል ተንጠልጢልካ፣ ኣብ ቋቑራ ኣቲኻ ትፍተን። ደሓር ከኣ ካብ ንዓመታ ደርሆ ሎሚ ዘመን እንቋቑሖ እንተኢልካ ደኣ ኪኖ ሳልስቲ ክትበልዕ መዓስ ኬንካ። ኪኖ ሎሚ ንጽባሕ ዝጥምት ሰብ ከኣ ዋላ ብኮኳዕታ እምባ ክበስዕ ዘኽእል ዓቕልን ሓይልን ኣለዎ። ፍርቂ ሓይሊ ከኣ ዓቕሊ ማለት’ንደኣሉ። ንኺድ ጥራይ ዓቕሊ እንተርጌርና የለን ዘይስገር።

***ብዛዕባ ናይ ሎሚ ጥራይ እንተሓሲብና ዕድመና ምሉእ ብዛዕባ ድራር እለት ጥራይ ክንሓስብ ክንነብር ኢና ማለት'ዩ። ጽምም ኢልካ ጻማ ሎሚ ኣብ ጽባሕ እንተተጸበኻ'ዩምበር…። ልዕሊ ኩሉ ግን ምኽድ ኣይነቋርጽ። ልዕሊ ኩሉ ግን ዕንቅፋታት ክገጥሙና ከለዉ ሓደስቲ መሲሎምና ኣይንሰንብድ። ኩሎም'ቶም ብሕጂ'ውን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ዕንቅፋታት እቶም ትማሊ ብዓቕልን ብብልሕን ፈንጺግናዮም ዝሓለፍና ምኧኣኖም ዘኪርናስ ንኺድ ጥራይ ስጉሚ ኣይነቋርጽ።***



***ክንደይ ባህርያውያን ሓደጋታት'ሞ ዘየጋጠሙ - ንመሬት ካብ ዑደታ ደው ዘበላ ክስተት ግን ኣይርኣናን። ክንደይ ኣጽዋራት'ሞ ዘይተቓመሙ  - ንሓይሊ ተፈጥሮ ስዒሩ ዘርኢ ወዲ ኣዳም ከጽንት ዝክእል ግን የለን። ክንደይ መርገማት'ሞ ዘይዘነቡ - ትምቢት ረገምቲ ኣይሂ ከዝንብ ግን ኣይረኣናን። ንኺድ ጥራይ፣ ደው እንተኢልና ደኣ መጻኢና ኣብ ኢድ'ቶም ሓለምቲ ግናይና ክኸውን'ንድዩ። ንኺድ ጥራይ፣ እንተተዓዚምና ደኣ ብልጓም ርጉማት ክንምእዘን እንዲና።***

***ምዕርዩነት ብምጉዳል (ኢኳሊቲ ባይ ሪዳክሽን) ዝምነዩ ወገናት፣ ኣብቲ ኣስካላ ኣስካላ ማዕሬና ክጎዩን ክዘሉን ስለዘይክኣሉ፣ ኣንቃዕሪሮም ክርእዩና ድማ ሓሳድ ሕልናኦም ምግባር ስለዝኣበዮም፣ ወጢጦም ከውርዱና ፈቲኖም'ውን ስለዘይሰመረሎም፣ ብጸሊም ኢዶም ባይታ እናጠብጠቡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጺ ዘኸተሎ መርገሞም ከውሕዙ ይስምዑ'ለዉ። ከም'ቲ ብድሙ ዝተሸገራ ኣናጹ፣ እታ ድሙ ክትመጽእ ከላ ክሰምዓኣ ምእንቲ ቃጭል ክኣስራላ ምሉእ ብምሉእ ምስተሰማምዓ፣ ሓንቲ ወረጃ 'መን'ሞ ይእሰረላ' ብምባል ከንቱነተን ዝነገረተን፣ ወረጃ ክሳብ ከንቱነተን እትነግረን ዝግዕራ ዕቁባት ድማ ጽባሕ ብላሽ ውሳንአን ምስተሰቈረን ብዘጋጥመን ነውጺ ደኣ ንድንግጸለን'ምበር፣ ብጭርሖአን ዝሸደድ መንፈስ የብልናን። ብከንቱ ምግዓር ንደሃል እንተንኸውን ደኣ ክንደይ ግዜ ጠፋእኩም ዘይተበሃልና።***

***ንኺድ ጥራይ፣ ሓድሽ ነገር የለን'ሞ ከም ቀደምና ነቲ ኣዳዕዲዕና እንፈልጦ ሽርሕታት እናሰገርና ንኺድ። ንኺድ'ምበር ኣበይ ከነዐርፍ ደኣ። ንኺድ ጥራይ፣ ዝሓለፍናዮ እናዘከርና።***

***ካብ ውሽጥና ብዝፈለቑ ሓሳባት'ምበር ካብ ደገ ብዝተሰደዱልና ሓሳባት መዓስ ኣብዚ በጺሕና። ዘሰጉመና ሓሳባት ካብ ውሽጥና ደኣ ነፈልፍሎም'ምበር ካብ ካልኦት ቀዲሕና መዓስ ንምስርሖም። ስጉሚ ዓለም ከነቋምት ስጉምና***

ዘንጊዕና ኣይንፈልጥን። ኩነታት ዓለም ክንከታተል ከለና'ውን ዕዮ ገዛና ኣይንርስዕን። ቀዳምነታትና ብዝምእመኣና መገዲ ደኣ ባዕልና ንሰርዕ'ምበር ሰሪዑ ዝህበና የለን። ብዝመስለና'ምበር 'ዓንተራት' ኢና በሃልቲ ብዝሓረያልና ተጓዒዝና ኣይንፈልጥን። ውሽጥና ደኣ ንፍትሽ'ምበር ካብ ውሽጥና ኣይንብርግግን። ንተኣራረም'ምበር ኣይንወናጀልን። ንተሓላለ'ምበር ኣሕሊፍና ኣይንወሃሃብን። ከምኡ እንተንገብርዶ ክሳብ ሕጂ ጸኒሕና ኢልኩምና።



ንኺድ'ሞ፣ 'ክሳብ መዓስ ኢና ወይ ናበይ ኢና ክንከይድ?' ዝብል እንተተረኽበ'ውን ኣንፈት ክንሕብሮ ደው ኣይንበል - ናበይ ምኻንና እናከድና ብተግባር ንንገሮ። ንኺድ'ሞ፣ ጉዕዞ ነዊሕዎ ኣላሽ ዝብል እንተተረኽበ ግን፣ ሕውዝውዝ ኢልዎ ከይከውንሲ ነቲ ኣብ ርሑቕ ዘይኮነ፣ ኣብ ቀረባ ዘሎ ባና ነርእዮ።


ብዛዕባ ውሽጥና፣ ብዛዕባ ደንበና፣ ብዛዕባ መንነትና፣ ብዛዕባና ኪኖና ዝፈልጥ ስለዘየለ፣ ብደገ ዝመጽኡ ንፋሳት ብዛዕባና ዝብልዎ ጸማም እዝኒ ስለዝሃብናዮ፣ ያእይ ሓድሽ ጥበብ ተረኺቡ ተባሂሉስ፣ ብዛዕባ ምስለን ኣጋኒነን ካባኹም ንሓይሽ ኢና ጥራይ ዘይኮነስ፣ 'ንዑ ናብ መንግስተ ሰማይ ዘእቱ ትኬት ክንህበኩም' ኢለናና። ደድሕሪ ዝነፈሰ ንፋስ ንነፍስ እንተንኸውንዶ፣ ተሓጃቕፍና ንነብር ኣለና ኢልኩሞ ኢኹም። ንኺድ ጥራይ፣ እናጠጠሐ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ እቲ መገዲ። ንኺ....ድ!!

* * * * * *

## 6ይ ክፋል

ሰኸኽ'ኳ ኣይበልካን በቲ እሾኽ ጭቃ፣ ዝተሰከፍኩልካስ ዘንጊዐ'የ ለካ። ዝላ ጎልጎል ቀጺልካዮ ኣብ ሰልሚ፣ ኣብ'ቲ ኣይሂ ቀጺልካዮ ትልሚ። ኣብ'ቲ ቃልዕ ህሮርማ፣ ቃጸሎ፣ ንጥይት ተስሕታ ነቲ ባይታ ትመስሎ። ኣብ ባሕሪ ምስ ኣተኻ ካብቲ ጎቦ፣ ምንቅስቓስካ ኣሻብካ ምስ'ቲ ማይ ተዋስቦ። ንኺድ'ምበር ሎሚ'ውን ኣብቲ ብዓቕልኻ ዘጣጣሕካዮ ባይታ፣ ኣሰርካ ወይኒ'ንድዩ ዝፈሪ ንእለታ። ንጣብ ደምካ ንላዕሊ ዓሪጉ፣ ዝናብ ኣውሪዱ፣ ልምዓት ወሊዱ። ርሃጽካ ተዋህሊሉ፣ ክረምቲ ፈጢሩ። ውዕሎኻ እኳ'ዩ ፈጢርዎ እዚ ወትሩ ለምለም ወቕቲ፣ ንኺድ ጥራይ ሎሚ'ውን እቲ ትፈጥሮ ፍረ'ዩ እቲ ዕረፍቲ።

ሓቂ ይሓይሽ ፈሪሐልካ ኔረ መሬት እቶን ምስተቐየረ፣ ፈሪሐልካ ኔረ ኣኻውሕ ምስሓረረ - ኣርጊእካኒ ግን ሸኾናኻ ልዕሊ ቁልዒ ምስነጠረ። ሓቂ ይሓይሽ ፈሪሐልካ ኔረ መሲሉኒ መሬት ዝኸረረ - ባዕለይ ንባዕለይ ረጊአ ግን ቅያ ትማልካ ዘኪረ። ዘንጊዐ'የ መስለኒ ፈሪሐልካ ኔረ ኣይሂ እሳት ምስ ዘነበ - ኣብ ሰንድቕካ ተዓቑብካ ንብላሽ ከተጽሕዮ ግን ተዓዚበ።



ነገር ፍጡር ኮይኑንስ ፈሪሐልካ ኔረ ምስ ሸሾ ምግጣምካ፣ ቀልጢፈ ግን ተቢዐ ዘኪረዮ ትማሊ ሸሾታት ከምዝሰዓርካ። ሕጂ ደሞ ሓቢኣዮ፣ ፈሪሐልካ ኔረ ዘራያት ምስ መጹ፣ ኣርኢኻኒ ግን ካብ'ታ መጋርያ ከምዘይወጹ። ኣሚነልካ …! ንኺድ ጥራይ ሎሚ'ውን ልዕሊ'ዚ ፈተነ ኣበይ ከየጋጥም። ንኺድ ጥራይ፣ ኣይኮነንዶ ምስ ሰብ ምስ ተፈጥሮ ትገጥም።

ክኽእሎዶ እምበር'ዩ ከኣ ኢለ ንወፍሪ እናተበገስካ፣ ኣመና ዓሚቑ'ቲ ንድፍኻ። ኣሚነልካ ግን ኪኖ ዕምቈት ዕምቈት ደራሪብካ። ክኽእሎዶ እምበር'ዩ ኢለ ኔረ ተሻቒሊ ግዲ ኮይነ፣ ምድረ በዳ ምስ ኣልማዕካ ርእየ'ንድየ ኣሚነ። ናትካ ግዲ ዘይወሰድኩ ኔረስ፣ ክኽእሎዶ እምበር'ዩ ኢለ ኔረ ወፍሪ ከይበዝሓካ፣ ብተግባር መሊስካለይ ኣብ ሓደ ረፍዲ ጐልጐልን ስንጭሮኡን ምስ ኣልማዕካ። ንኺድ በል፣ ንኺድ ኣነ'ውን ምሳኻ'የ እንታይ ከይከብደና።

ነፍርሶ እዚ እምባ እንተኢልካኒ፣ ብምሉእ እምነት ክብገስ'የ ውዕሎ ትማሊኻ ኣእሚኑኒ። ግደፎ'ሞ ዲጋ፣ ባሕሪ ንፍጠር'ውን እንተበልካኒ ከምዝከኣል ኣሚነ ክነቅል'የ ቅያ ትማሊኻ ምሂሩኒ። ዘይተጸውየ ዛንታ ፈጽሞ እንተበልካኒ፣ ትእምርትኻ ኣትቢዑኒ'ዩ ጥራይ ንገረኒ። ንኺድ ጥራይ - ፈጣሪ ሓይሉ ጥበቡን ክህበና'ዩ።

ረሲዐልካ'ባ ከኣ…. ኣስደሚሙኒ እኳ'ዩ እቲ ምትዕጽጻፍካ፣ ነቲ ድፋዕ መእለዪ ውሕጅ ጌርካዮ ኣሻብካ። ረሲዐልካ'ወ ጸኒሐ…. ኣገሪሙኒ እኳ'ዩ ነታ ክላሸን ኣፍራዛ ጌርካዮ ሰደፋ፣ እታ ታንክኻ ክትትኩስ ጸኒሓስ ትራክተር ገጢምካላ ትሓርስ ተዓጺፋ። ረሲዐዮ ኔረ እቲ ዘርመመኒ፣ እታ ጥይትካ ምስቲ ባሩድ ቀለም ሓዊስካላስ ክትጽሕፍ ጸኒሓትኒ። ረሲዐ'ወ ሞት ትረስዓኒ፣ ዘይነገርኩሉ ቅያ ተሪፉኒ፣ ኣብ'ቲ ዕጥቅኻ ሰዊት ጸኒሑኒ። በል ንኺድ ጥራይ፣ ተውለ እንተበሉኻ ደኣ መጠን ክንድዚዶ መሲሉኒ።

ንኺድ ጥራይ ኪኖ'ቲ ዝሰገርካዮ እንታይ ሓድሽ ሰልሚ ከይፍጠር። ንኺድ ጥራይ፣ ኪኖ'ቲ ዝሓንበስካሉ እንታይ ሓድሽ ማዕበል ከይህሉ። ንኺድ ጥራይ፣ ኪኖ'ቲ ተሓምበለ ዝበልካሉ እንታይ ተኣምራታዊ ሃልሃልታ ከይህሉ። ንኺድ

ጥራይ፣ እምባ ዝነቕነቕካ ሎሚ ከመይ'ሉ ምፍንቃል ደንጎላ ክገርመካ። ንኺድ'ወ፣ ባሕሪ ዘሰንጠቕካ፣ ሎሚ ውሕጅ ምስጋር እንታይ ክዓጠካ። ንኺድ ጥራይ፣ ኣእላፋት ዘፍሸልካ ሎሚ እንታይ ደርማስ ሓይሊ ክዓግተካ። ንኺድ'ምበር፣ ሓጋያት ዘሕለፍካ ሎሚ ኣብ ክረምቲ እንታይ ከይጨንቀካ።

ንኺድ ጥራይ፣ ድጉልን ጥፉእን ሓዊዶ ምፍላይ ከይኣብየካ። ጥበብን ጉርሕንዶ ከይተሓዋወሰካ። ጣቓን ግመንዶ ከየደናግረካ። ኪኖ ደረት ትርኢት'ኳ እንታይ ከምዘሎ ኣብዚ ኬንካ ትግምቶ። ዕምቈት ውቅያኖስ ብሕብሪ ማዩ ትፈልጦ። ደሮና'ኳ ካበይ ከምዝነቐለ ተለልዮ። ናህሩ ርኢኻ ንንፋስ መዓስ ከምዘዐርፍ ትግምቶ። ኣዝመራ ርኢኻ ዓቕን ክረምቲ ትንበዮ። ንኺድ ጥራይ፣ ኪኖቲ እምባ እንታይ ከምዘሎ እምባ በሲዕና ንርኣዮ።

ሰሳዕ ኣሊኻዮ፣ ክርዳድ ነፊኻዮ፣ ገፊል ፈሊኻዮ፣ ጻዕድኡን ጸሊሙን ኩሉ ኣለሊኻዮ፣ ንኺድ'ምበር ሎሚ ደኣ ኩሉ ምስነጸረ፣ ትማሊ'ኳ ኬድካ ሃምበል እናዓመረ። ካብ ሚሒኻ ዝሓለፉ ዘምለጡ እናመሰሎም እታ ዘይተሐልፍ ረቃቕ መንፊትካ ረኺባቶም።

በል ኣዝግነኒ፣ ኣዝግነኒ ብሕብርኻ፤
''እንታይ ኣለካ በዓል ሕብርኻ?''
ኣብ ውዑይ ኣብ ዝሑል ኣቲኻ፤
ወትሩ ድሙቕ ዘይብለል ሕብርኻ፤
ጸልሚቱ በሪሁ ዘይቅየር ምስልኻ፤
ንኺድ ጥራይ ትማሊ'ኳ ኬድካ።
ሕብርኻ እንተዝለዋወጥ፣
መልክዕካ እንተዝቀያየር፣ መስመርካ እንተዝለዋወጥ፣

እምነትካ ክብ ለጠቕ እንተዝብል፣ ሎሚ ምኣጎልና'ምበር መዓስ ተጫጪሕና ምዓንተርና።

ኣዝግነኒ ግዳ ሓንቲ ክደግመካ።

'ብምንታይ?'

ብትዕግስቲ

'እንታይ ኣለካ በዓል ትዕግስቲ?'

ኣብ'ቲ ኣጻምእ ኬንካ ምስርኣኻና ሓቒቕ ማይ ክንሰቲ፤ ኣብቲ ህሮርማ ኬንካ ምስ ኣማዕደኻና ኣብ ጽላል ዳዕሮ ክንዝቲ፤ ኣብቲ ኩርኳሕ ኬንካ ምስርኣኻና ደቂስና ኣብቲ ሰቲ፤ ፍሽኽ ኢልካ ብዕግበትና ተሰሚዑካ ዕረፍቲ፤ ደው በለልና ጽኑዕ ጎይታ ርስቲ።

ወግዒዶ ክቕይረልካ?

'ህ…'

ሕንቅልሕንቅሊተይ

'ሰሰናቢ.ተይ'

ብልቡ ጠሚቱ ንርሑቕ ዘማዕዱ፣ ብማዕዶ ዝነፊ ከየቕረበ ኣብ ኢዱ፣ ኣብ ጸልማት በዓቲ ካብ ውሽጡ ዘብርህ፣ ይትረፍ ንወገኑ ንኣባይ ዝርህርህ፣ ኣብ ረመጽ ተደጒሉ ዓቕሊ ዘየጽብብ፣ ካብ ሰሜን ንደቡብ ከም ፈረስ ዝጋልብ፣ ድምብርጽ ዘይብሎ መሬት እንተዝሃምም፣ ኣብ ሓደ ህሞት ዓሰርተ ዝዓምም ፍለጠለይ። '

ተደረር፣ ኣይፈልጠን'የ'

ትፈልጦ'ምበር ኣብ ውሽጥኻ'ንድዩ ዘሎ፤
ትፈልጦ'ምበር ኣብ ጎድንኻ'ንድዩ ዘሎ፤
ትፈልጦ'ምበር ኣብ ቅድሜኻ'ንድዩ ዘሎ፤
ትፈልጦ ኢኻ ናትካ'ንድዩ እቲ ውዕሎ።
ከመይ ኢልካ ግን ስሙ ክትነግረኒ 'ኣነ' ኢልካ ስለዘይትኽእሎ።

ከመይ ኢልካ'ሞ እፈልጦ'ወ ክትብል ኣንነት ኣባኻ ዘየሎ።
ከመይ ኢልካ ኣነ ክትብል'ምበር ቅያኻ ልዕሌኻ መን ይፈልጦ።
ትሕትና ኮይኑ ልምድኻ'ምበር ትፈልጥ'ንዲኻ እዚ ተኣምር ብዘይካኻ ካልእ ከምዘይክእሎ።

ንናጽነት ብሓድነት፣ ንሓድነት ብምውሓስ ልኡላውነት፣
ንልኡላውነት ብልምዓት፣
ንልምዓት ብ… እናደራዕካዮን እናድመቕካዮን እናኮላዕካዮን ስለእትኸይድ፣ መሰረትካ ስለዝደልደለ፣ ጉዕዞ ትማል ንሎሚ ናህሪ ስለዝገበረስ፣ ምስልኻ ከም ወርቂ ተፋሒፈሑ'ውን ሕብሩ ኣይቅይርን'ዩ።

ርእየካ'ንድየ ትማል ሓዊ ዝተፍእ ንፋሳት ፍሽ ፍሽ ክብል ከሎ፣ ብፍጥነት ብርሃን ሓሊፍካዮ ክትከይድ።

ርእየካ'ንድየ ትማል ሓዊ ክተፍእ ከሎ፣ ብንጣብ ደምካ ሽልቍ ከተዝሕሎ።
ርእየካ'ወ ትማል ውዑይ በረድ ክዘንብ ከሎ፣ ብትዕግስትኻ ኣብ ጠፈር ከሎ ከተዝሕሎ።
ርእየካን'ድየ ትማል ኣብቲ መጋርያ ሓዊ፣ መመሊስካ ክትሓንን።
ርእየካ'ንድየ ትማል ኣብቲ ውዑይ ሑጻ፣
ከም ኣብ ለሰ ዘለኻ በጥ ኢልካ ትነፍሖ ሰሚዐዮ ናይ ከላሽንካ ፋጻ።

ንኺድ ጥራይ፣ እንታይ ይዕንቅፈካ። ንኺድ ጥራይ እንታይ ይስኣነካ። ንኺድ ጥራይ፣ እንታይ ይእግመካ፣ ንኺድ ጥራይ ወትሩ ቅሩብ'ንድዩ ስንቅኻ። ንኺድ ጥራይ፣ በቲ ዝለመድካዮ መስመር። ንኺድ'ወ በቲ ብገዛእ ምርጫኻ ጥራይ ዝምእዘን ናጻ መስመር።

በሎ'ሞ ይመጽኣኒ ኣብዚ ውሽጠይ ዘሎ፣ ይስከፍ ከኣ ሽርፍርፍ ከየብሎ። በሎ'ሞ ይመጽኣኒ ኣብዚ ልበይ ዘሎ፣ ይገድፎ ግን ስለዘይኽእሎ። ኣውጽኣዮ'ሞ ይመጽኣኒ ኣብ ሓሳበይ ዘሎ፣ ስቕ ግን ይብል ገለ ከየጉድሎ። ከተተግብሮ ዘይከበደካስ ክገልጾ ከቢዱኒ። ክትፍጽሞ ዘይበርትዓካስ፣ ብቃለይ ክደግሞ በርቲዑኒ። ብስቕታ ምምስካር'ባ ይሕሸኒ።

ፍቕርኻ ዓሚቑ ክብርኻ ረዚኑ፣ ዘመስግን ዝግረም ክገልጾ ሃቂኑ፣ ብሳይንስ ብጥበብ ብኩሉ ተፈቲኑ፣ ንቅያኻ ዝዳረግ ፍጽም ተሳኢኑ። ዛንታኻ ክጸዊ ፈቲኑ ጸሓፊ፣ ደጊሙ ኣንቢብዎስ መሊሱ ሓኒኹ። ቅያኻ ክስእሎ ፈቲኑ ቀባኢ፣ ዝዳረጎ ሕብሪ ስኢንሉ ነቲ ነትካ ራእዩ። ውዕለትካ ዝገልጽ ቋንቋ የብላን ዓለም፣ ብተግባር'ምበር ብቃላት ነይትርጎም። ውዕለትካ ዘዘንቱ ቃላት ምስተሳእነ፣ ብተግባር ክነግሩልካ ብዓይነይ ርእየ። መርሃዊ ከይብሉኻ፣ መርሃዊ ዘይኮንካስ ራህዋ ኲይንካ ጸኒሕካ። ጸሓይ ከይብሉኻ፣ መጣዊ ብርሃን ዘይኮንካስ ብርሃን'ምበር ባዕልኻ። ፍትሓዊ ኢሎም ከየጠምቑኻ፣

ፍትሒ ንባዕላ ኴንካዮም ባዕልኻ። ሽዑ ክዝምሩልካ ሰሚዐ፣-

> *"ፍርሕዎ'ታ ፍርሕዎ ቅያኡ፣ ኣይትድፈርዎ ዓሚቍ'ዩ ሞያኡ፣ ስቕ በሉ ብስቕታ መስክሩ፣ ኣብ ገጽኩም ይነበብ ሞጎሱ ምስ ክብሩ፣ ኣይትተናኸፉ ኣይትሸራርፉ ድማ፣ ንዕኡ ዝበቅዕ ካልእ'ዩ እቲ ዜማ፣ ሓድሽ ኣምጽኡሉ ዘይነበረ ቅኒት፣ ብስቕታ ዝምስክር ኪኖ ቃላት።"*

ኢሎም ኣዚሞሙልካ።

ሓሊመልካ ድማ፣ እቶም ትማሊ ዝመረቑኻ ኣሞራታት ሞሮር፣ ተረፍ ምህርትኻ ክጸግቡ ረጋቢት ተቐይሮም። ሓሊመልካ'ወ፣ እታ ጻዕዳ ዑፍ ኣብ ኣፍ ሻምብቆ ብረትካ ሰፈራ ሰሪሓ፣ እንቋቕሖኣ ጫጪሓ። ሓሊመልካ ሎሚ ለይቲ፣ ሻምብቆ ከላሽንካ ሳሬት ዓለባኣ ኣሊማትሉ፣ ኣብ ትሕቲ ዘራእትኻ ኣጽሊሉ። ሓሊመልካ'ወ ድፉዕካ ዱር ተቐይሩ፣ ዕምባባታት ሞሮር ኣብቍሉ። ኣእዛንካ ድምጺ ተኹሲ ረሲዕዎ፣ ቅኒት ሻምብቆኻ ብሒትዎ። ሓሊመልካ፣ ድምጺ መድፍዕ ህጣሙ ጠፊኡ፣ ሓጋይ የብሉ ክረምቲ ብነጐዳ ተተኪኡ። ንኺድ ጥራይ፣ ንኺድ ከም ቀደምካ፣ እዚ ሕልሚ ጽባሕ ክጋሃድ'ዩ።















* * * * * *

## 7ይ ክፋል

ዲም! ዲም..! ዲም..! ትሰምዕዎዶ'ለኹም እዚ ከበሮ - ከበሮ ይህረም ኣሎ። ኣለሊኹሞዶ ቅኒቱ፣ ተረዲእኩሞዶ ህርመቱ? ናይ ክተት ኣይኮነን ዋልታን ጭማራን ዘካትት - ሰላም'ዩ ዘሎ መሬት። ናይ ተዛነ ኣይኮነን ናይ ጓይላ ህርመት - ንኺድ'ዩ ዝብል ዘሎ ንዑናይ ንቕድሚት። ናይ ርድኡና ኣይኮነን ናይ ጃጀውቲ ቅኒት - ናይ ተባዓት'ምበር ናይ ተስፋ ህርመት።

ዲም.. ዲም..ዲም..! ንኺድ ጥራይ! ኣብ ጎድንኹም ጠምቱ ዝደቀሰ ከይህሉ፣ ጻብዕትኹም ጥራይ ጠቓዕ ጠቓዕ ኣብሉ - ኣይብዕግግን'ዩ ክሰምዓኩም'ዩ ቅልጥፍ ኢሉ። ኮንዶኾን ሓንሳብ ከዕርፍ ኢሉ ቀም ዘብል'ምበር ዝብዕግግዶኸ ኣለና'ዩ። ኣብ ጎድንኹም ርኣዩ ዘይሰምዐ ከይህሉ፣ ህርመት'ዚ ከበሮ ቅኒቱ ከየህሰስኩም ብቃልኩም ድገምሉ። ኣብ ጎድንኹም ጠምቱ ካልእ ቅኒት ዝሰምዕ ከይህሉ፣ ሓንቲ'ያ ቅኒትና ኢልኩም ኣፍእምሉ። ኩሉ ቀልጢፉ ክርደኣኩም'ዩ - ንኺድ ጥራይ ወትሩ ወጋሕታ'ንደኣሉ።



ተኣኻኺብናዶ ኣብዚ ጎልጎል ዓዲ - ንኺድ ጥራይ ንጹር'ዩ እቲ መገዲ። ተኣኻኺብና'ንዲና ውሉድ ምስ ወላዲ - ንኺድ በሉ ናጻ'ዩ እቲ መገዲ። ዝተረፈ ኣሎ ድዩ ወዲዛ ዓዲ - በብጻይና ንዘክር ሰብ ከይህሉ ኣብ ንእዲ። ኩሉ ወዲ ዓዲዶ'ሎ - ንኺድ በሉ ጉዕዞ ንቐጽሎ። ንኺድ ጥራይ ርሑስ'ዩ እዚ መገዲ።

ሕዘሎ ሕዘሎ፣ እዚ ህጻን ቁሩብ ደኺሙ'ሎ። ደግፎ ደግፎ፣ እዚ ሽማግለ ኣብዚ ከይንገድፎ። ንደጋገፍ ንተሓናገር፣ ዓይኒ ከይሓዘ ሩባ ክንሳገር። ጾር ዝኸበዶ መን ኣሎ - ንተሓጋገዝ ማዕረ ንማቐሎ። ኣይትገደስሉ ስንቂ ከርሲ - ኣብዚ ቅድሜና'ሎ፣ ርእስና ኣይነጥሚ ንዕኡ ነስተብህሎ። ኣረድእዎ ጉዕዞ ነዊሕዎ ዘዕዘምዝም እንተሎ፣ ግልህ ኣብልሉ ገለ ከዊልዎ'ሎ - ኣርእይዎ ኣብዚ ፈትና ዘሎ። ንኺድ ንኺድ ጉዕዞ ንቐጽሎ።

ኽጫኹር ከሎ በዚ የማን - 'ንፍረ ይግበሮ፣' ኽጽሊ ከሎ በዚ ወገን - 'ንምሕረትና ይግበሮ፣' ኽፍሕር ከሎ በዚ ጎድኒ - 'ወርቂ የፈልፍሎ፣' ኽሃንጽ ከሎ በዚ ስግር - 'መማሞቒና ይግበሮ፣' ኽምርቕ ከሎ ኣብዚ ፊትና - 'ኣሜን' ንብሎ። ኮይኑ ከኣ። ይኸውን እወ ከመይ ዘይኸውን - ንኺድ ጥራይ ዳንጋና ነደልድል።

ሓዊ ይቃጸል፣ የቃጽል፣ ሓዊ ምኳኑ ድማ ይቕጽል። ክንደይ ኣባይትና'ሞ ብኣባይ ዘይተቓጸለ፣ ክንደይ ኣባይናኸ ብዓረርና ዘይተቓጸለ - እንሆ ከኣ መንነትና ይቕጽል መመሊሱ እናደልደለ። ኣየናይ ስርዓት፣ ኣየናይ ሕሰም፣ ኣየናይ ፈተነ ኢዩ'ሞ ንሕና ካብ ምኳን ክዓግተና - ንኺድ ጥራይ፣ ንኺድ ከም ቀደምና!!

ግራት መገዲ ተደኲዓ፣ ተጎልጕላ፣ ተዘሪኣ፣ ዙብ ኢላ ፈርያ መዓስ እዚ ጥራይ ይኣኽላ - ትደሊ ከኣ ወሰን ወሰና ዝሓጽራ። ግራት መገዲ እዛ ኩሉ ዓይኑ ዘውድቐላ፣ ገጻ ምሕጻብ ጥራይ መዓስ ይኣኽላ - ትደሊ ከኣ ዘወጅሃ ኩሕልሕል ዘብላ - እምበር ፈውሲ ሓሳድ ኢላ መዓስ ተህስሶ ምስላ። ግራት መገዲ እዛ ኩሉ ዝሃርፋ፣ ሃድን ፈሪሃ መዓስ ተጉድሎ ትዕድልታ። ንኺድ ጥራይ ንጎልጉላ፣ ንኹሓላ፣ ንሕጸራ፣ ዙብ ነብላ - ኣብ ውሽጣ'ሎ ጸጋ፣ ኣብ ውሽጥና ከኣ'ሎ ከውሒ ዝበስዕ ሓይሊ። ስለዚ…? ስለዚ ንኺድ ጥራይ፣ ንኺድ ንውሽጥና፣ ኩሉ ኣሎ ኣብ ውሽጥና።

ንኺድ ጥራይ፣ ተዓንቀፍቲ እንተንኽውንዶ ደንጎላ ሰጊርና፣ እሾኽ ዘሊልና፣ ህጉም ነጢርና፣ እምባ በሲዕና ኣብዚ በጺሕና። ተኾርመይቲ እንተንኽውንዶ፣ ጥሜት ስዒርና፣ ጽምኢ ተጻዊርና፣ ንሓያላን ስዒርና፣ ሕሰም መኪትና ንሕና ምኾንና። ንኺድ ጥራይ፣ ሃካያት እንተንነብርዶ እምባ ተጊርና፣ ስንጭሮ ሓሊፍና፣ ጎልጎል ሰጊርና፣ ውሕጅ ጥሒስና ኣብዚ በጺሕና።

ኣሽንኳይ ሎሚ ግዳ ሰማይ ነጺሁ ከሎ፣ ትማል'ኳ ሰጐምና ጣቓ በዚሑ ከሎ። ኣሽንኳይ ሎሚ . ኣዳ መሬት ሰፊሑ ከሎ፣ ትማልኳ ሰጐምና ዕርድና ጸቢብ እንከሎ። ኣሽንኳይ ሎሚ ግዳ፣ ማሽን መሊኡ ከሎ፣ ትማሊ'ኳ ኣልሚዕና በታ ሓንቲ ጭኳሮ። ኣንታ ሎሚ ግዳ ስንቂ መሊኡ እንከሎ፣ ትማሊ'ኳ ሓሊፍና ብናይ ጨና ዕንጋሎ።

ድረፍ ድረፍ ከኣ ይመጽኣኒ'ሎ። ዘምር ዘምር መጺእኒ ኣብዚ ውሽጠይ ኮይኑ።

በቲ ጎቦ መን ኢኻ መን ኢኻ<br>
ኣልምዓለይ ነቲ ከባቢኻ<br>
ቆሎ ስርናይ ክህበካ ዕዳኻ።<br>
በቲ ስንጭሮ መን ኢኻ መን ኢኻ፣<br>
ነቲ ጸጋ ዓቅቦ በጃኻ፣<br>
ኣጽሊልካ ክትነብር ኣስተርሒኻ።<br>
ኣብቲ ጎልጎል መን ኢኻ መን ኢኻ፣<br>
ሕረሰለይ ሕረሶ ኣጆኻ፣<br>
ባዕሉ ክህበካ'ዩ ዕንጋሎኻ።

ይፈልጥ እኳ'ዩ እቲ ባሕሪ ምእንትኡ እንታይ ከምዘሕለፍና፣<br>
ከመይ'ሉሞ ሎሚ ዓስብና ክኸልኣና።<br>
ለባም'ዩ እዚ ባሕሪ ውዕለት ዘይርስዕ፣<br>
እንተወፈርናዮ ሳልኡ'ንዲና ጠጥዕሙ ንጎስዕ።<br>
ትፈልጥ'ንድያ እዛ መሬት ምእንትኣ እንታይ ከምዘሕለፍና፣<br>
ንውፈራ ጥራይ'ምበር ሽዑስ ከም ምሕፋስና።<br>
ትፈልጥ'ንድያ እዛ ዓዲ፣ ትፈልጦ'ወ ንሕሉፍ ከርተትና፣<br>
ንኸፈታ ጥራይ'ምበር ንሳ'ንድያ እምንቲ ሞሶብና።<br>
ንፈልጥ'ንዲና ንሕናስ ከመይ ጌርና ንሕና ከምዝኾንና፣<br>
ንኺድ ጥራይ ኣብ ውሽጢ መንነትና።

ንኺድ'ዩ ዝበሃል ዘሎ -<br>
ዕልልታ ኣስምዕዎ ዝተዓዘመ'ንተሎ።<br>
እንሆ በዚ የማን፣ እንሆ በዚ ስግር፣ እንሆ ኣብዚ ማዕዶ ዕልል... ይበሃል።

ማዕዶ ግን ኣብዚ ማዕዶ ውሽጥና።<br>
ስግር ግን ኣብዚ ስግር ውሽጥና።<br>
የማን ግን ኣብዚ የማን ውሽጥና።<br>
ንሕና ብንሕና፣ ኣብዛ ውሽጥና።<br>
ንኺድ'ዩ ዝበሃል ዘሎ፣<br>
ክረምትና ኣርእይዎ ንሰማይ ዘንቃዕርር እንተሎ።<br>
ንገርዎ ክረምቲ ኣብ ውሽጥና ከምዘሎ።<br>
ኣርእይዎ እዚ ተዛልዩ ዘሎ።<br>
ንኺድ በልዎ ዘይነቕለ እንተሎ።<br>
ህድእ ግን ንበል ኣየድልን'ዩ ተሎ ተሎ -

ንኺ...ድ!!!

ሳዕስዕ ከኣ ይመጽኣኒ'ሎ። ኣብ'ቲ እግሪ ድንድል፣ ኣብ'ቲ ደንደስ ሓጽቢ፣<br>
ኣብቲ ውሽጢ ለምዒ፣ ኣብቲ ሓድሽ ደርቢ፣

ኣብቲ ቅኑዕ መገዲ፣ ኣብዛ ሓላል ዓዲ ሹሽ በል ይመጽኣኒ'ሎ።
ክኽእሎ ድየኸ? ይኽእሎ'ወ ከመይ ዘይኽእሎ፣
እዚ መንኩበይ ሰቐጥቀጥ የብሎ፣
እዚ እግረይ ሰለለለል ሾኾርተት የብሎ፣
ይኽእሎ'ምበር ከመይ ዘይኽእሎ፣
የኹድድ ከየቋረጽኩ ጉዕዞ። ይኽእሎ'ወ ከመይ ዘይኽእሎ፣
በዚ ሓደ ነጸላይ ይሕዞ፣ በዚ ሓደ ሴፈይ ይመዞ፣ በዚ ካልእ ኣፍራዛይ ይሕዞ፣

በቲ ካልእ ማሳይ የልዕሎ፣
ነዚ ኢደይ ዓሰርተ ይገብሮ፣
ይኽእሎ'ምበር ከመይ ዘይኽእሎ።
ንኺድ ጥራይ የለን ዘይንኽእሎ፣

ኣሳዕስዕዎ ዝተዓዘመ እንተሎ።

ክንዝም ከኣ ብርህ ይብለኒ'ሎ።   ክንዝመሉ ነቲ ኣብ ስግር ዘሎ፣
ምሳይ ክሕጎስ ዓወተይ ከበስሮ። ክንዝም'ወ ነቲ ኣብ የማን ዘሎ፣
ኣብ ጎድኑ ከምዘለኹ ክነግሮ። ክንዝመሉ ዝደቀሰ እንተሎ፣
መዝሙር ውሽጠይ ጌረ ከበራብሮ። ክንዝም'ዩ ደስ ዝብለኒ ዘሎ፣
ወደንበሳ ምኻነይ ዘይፈለጠ እንተሎ።

''ከኣ መጸ መጸ፣ ኣንበሳ ይመስል ካብ ዱር ዝወጸ'' ዝብል ደርፊ ንመን ድዩ ተዘሚርሉ  -   - ንዓይ ንኤርትራዊ።

'ዛ ኣባንጋላይ ኣውታራታ   መዝሙር ናፊቑ'ሎ - ኣባንጋላይ   ወትሩ ቅንይቲ። ክዝምር ሕጅስ፣

'ኣብ ሰማይ ዘሎ ደበና
ይሃርም ዶኾን ዓድና


ማእሙና'' እናበልኩ ክደርፍ። ህርመት ከቦረይ፣

ብቅኒት ክራረይ ከሰንዮ። ጭራ ዋጣይ ሰናይ ዘመን ኢለ ከላህያ። ክዝምር፣ መዝሙር ሃገርና ብቛንቋ ዓድና፣ ብልሳን ዓድና፣ ኣብ ውሽጢ'ዛ ዓድና። ኣንጥጣ ነታ ኣብ የማንካ ዘላ ወይኒ፣ ተማላኣያ እዛ በለስ፣ ኣውርዳ ነዛ ዓካት፣ ኣብ ደንደስ ኣይትትዓነድ ቁሩብ እትው ኢልካ ሓደ ዓሳ ስሓብ፣ ደው ኣይንበል ንእግረ መገድና እንማልአ ጥራይ ይኣኽለና'ዩ። ንኺድ፣ ኣርክብ ኣርክብ ኣብሉ።

መን ኢኻ ብዛዕባ ወርሒ ትሓትት ዘለኻ - ባዕልኻ ፍጠራ ወርሒ'ላ ኣብ ውሽጥኻ። መን ኢኻ ሽምዓ ሒዝካ ዘለኻ - ደርብዮ ጸሓይ ኣላ ኣብ ውሽጥኻ። መን ኢኻ ድሕሪት ትጥምት ዘለኻ - ኣርክቦም፣ ኣርክቦም ነሕዋትካ። መን ኢኻ ተንባሁቕ ዘለኻ

- እንህልካ ምህርቲ የማነ ጸጋምካ። ውፈር ጥሓኖ፣ ቅለዎ፣ ጠጥቆ፣ ቅረፎ፣ ለንቅጦ፣ ንኺድ…ንኺድ ደው ኣይንበል።

ትርእዮዶ ኣለኻ እዚ ዝሓለፍካዮ? ኣሰር እግርኻ ዝገደፎ ለምዒ፣ ርጋጽካ ዘኸተሞ ከውሒ'ሞ ርኣዮ። ኣብዛ ሓጻር ጉዕዞ'ኳ ክንድዚ ዝዓመምካ፣ ንኺድ ጥራይ እንታይ ይሰኣነካ። ኣብዛ ሓጻር ጉዕዞ'ኳ ክረምቲ ዝፈጠርካ፣ ንኺድ ጥራይ ሓጋይዶ ከየሰንብደካ። ዕድመ ኩትትና ከይበጻሕካ'ኳ ተኣምር ዝሰራሕካ፣ ሎሚ ግዳ ዓንቲርካ እንታይ ክእግመካ። ንኺድ በል፣ ንኺድ ከም ልማድካ።



ተነቔት'ስከ ናብ ውሽጢ'ቲ ባሕሪ፣ ሰጉም ኣብቲ ምድሪ ቤቱ። ስምካ ንገሮ ንዝረኽብካዮ ፍጡር ባሕሪ - ክቕርበልካ'ዩ ካዕቦ ሽሻያቱ። ሽዑ ተንሳፈፍ ከኣ ኣብ ጽፍሒ ማያቱ። ሰሚርካ ተጓዓዝ ምስቶም ፍጥራቱ። ምሕንባስ ደኣ ሃካይ'ኳ ዝኸእሎ። ሰጉም ኣብቲ ባሕሪ፣ ብረር ኣብ'ቲ ውሽጢ። ጋልብ ኣብቲ ምድሪቤቱ። ሕቜፎ፣ ሕቜፎ ጸጋታቱ - ናትካዩ፣ ውፈሮ ወፋራይ'ዩ ዝፈቱ።

ዝለል በል፣ ዝለል ኣብቲ ሰልሚ። በጥስ፣ በጥስ ከም ናይ ዓሚ። ጋልብ - ብፈረስ ውሽጥኻ። ብረር - ክንፊ'ሎ ኣብ ጎድንኻ። ንኺድ፣ ኣብ ማይን ኣብ ምድርን፣ ኣብ ሰማይን ጠፈርን፣ ኣብ ጎቦን ጎልጎልን፣ ንኺድ፣ ብተስፋን እምነትን።

ንጽባሕ ዝኾነካ ደኣ ሎሚ ዕየ'ምበር፣ ሎሚ ንዝዕየ ናብ ጽባሕ ኣይተዝልሎ። ብ'ንጀራ ሎሚ ደኣ ጽባሕ ትዕንገል'ምበር፣ ብ'ንጀራ ጽባሕ ሎሚ ኣይጽገብን'ዩ።



ሕጂኸ ትሰምየዶ ኣለኻ እዚ ህርመት ከበሮ። ብዓቢኡ'ኳ 'ንኺድ ጥራይ' ኢዩ ዝብል ዘሎ። ጓይላ ግን ኣሎ ኣብ ውሽጡ - ጉዕዞ እናቐጸልኩም ሳዕስዑ። ሴፍኩም ደብልሉ፣ እናዘለልኩም ከኣ ተኸላኸሉሉ። ነጸላኹም ተዓጢቕኩም ሹሽ በሉ፣ ብኡ ኣቢልኩም ድማ ድግድጊት ይኹንኩም መዓንጣኹም ሸጥ ተብሉሉ። ሳዕስዑስከ፣ ሳዕስዑ ብክቢ፣ ኣዒንትኹም ግን ኣይዛነ ናብ ኩሉ ኣንፈት ደኣ ይዘንቢ። ሓደ እናሳለጥኩም ካልእ ከኣ ዕመሙ - ባህርያትኩም'ንድዩ ተውለ ምኻን እንታይ ከይትጽገሙ።

ንኺድ ጥራይ፣ ንጋልብ፣ ነንሳፍፍ፣ ንብረር፣ ንኺድ - ምረሻ ንርግጽ ዓወት!!

* * * * * *

## 8ይ ክፋል

*ሆየ ሆየ ንበል ሸሽግና ንወልዕ፣ ሽግ ግን ሽግ ውሽጥና እታ ዘይትጠፍእ። ሆየ ሆየ ንበል ሸሽግና ንወልዕ፣ ሽግ ግን ሽግ ናይ ልቢ እታ ካብ ጸሓይ ትደምቕ። ሆየ ሆየ ንበል ሸሽግና ንወልዕ፣ ሽግ ግን ሽግ ቀደምና እታ ኣብ መዓሙቕ'ውን ተብርህ። ሆየ ሆየ ንበል ሸሽግና ንወልዕ፣ ሽግ ግን ሽግ ጥምረትና እታ ኣብ ሞንጎ ዘይትበስዕ።*



*ሆየ ሆየ*
*ኤሪትሮሰይ ወዲ*
*ኣባኻያ ዓዲ።*
*ሸሽግኩም ኣልዕሉ*
*ሆየ ሆየ በሉ*
*ሆየና ዘይበለ*
*ካብ መስርዕና ይፈለ።*
*ኤሪትሮሰይ መንገድ - ሆ*
*ንኺድ ጥራይ ንኺድ።*
*ጸብደለይ ጸብደለይ*
*ንስኻ ንበረለይ።*

*ሆየ ሆየ፣ እናጸዋዕናዮ ዘኹርጥ፣ ንሕና እናኸድና ዘራጥጥ፣ ካብ ዕዮ ዘምልጥ፣ ምስ ሓዉ ዝፋጠጥ፣ ሆየ ሆየ፣ ከምዚ ዝገበረ፣ ካባና ይፈለ።*

*ይኣትዋ'ለዋ ኣዋልድ ጻጕሜ ድማ። ባዕጊ ምስኣን ዘይከደት፣ ቈሪራ ዓቕላ ዘጽበበት፣ ሩባ በጺሓ ዘይትሓጽበት፣ ካብኣን ትፈለ። መዝሙረን'ስከ ንስመዓዮ፣ ደሃየን እስከ ነስተማቕሮ፣ ህርመተን'ስከ ንከተሎ።*

ዮሃንሰይየ ኣቶ
ኣብሪህዋ 'ዛ ባይቶ
ዮሃንሰይ ቅዱሰይ
ንበረለይ ንጉሰይ

ሃንሰ ቁድሰ፣ ወለባ ኣብ ርእሰ፣ እንሆ ሂቡኒ። ባይቶአን በሪሁ፣ ንጉሰን መሪቐን፣ ወለባአን ጌረን ሰለል ይብላ'ለዋ ሰብ ጥዑም ደሃይ። ንኺድ በሉ መዝሙረን ንዘምሮ። ንኺድ በሉ ጓይላና ኣብ ጎድነን ንትከሎ። ንኺድ በሉ ህርመተን ንከተሎ። ንኺድ ጥራይ በሪሁ'ዩ ዘሎ። ኣየናይ ጸልማት ንሽግና ከይክውሎ።

ዓኾኻይ… ዓኾኻይ… ገዓት ሓምሊ ውጻእ፣ ጋዓት ጠስሚ እቶ

ዓኾኻይ… ዓኾኻይ…ንበል ንሰናይና ሰናይ ክድመሮ። ዓኾኻይ ንበል፣ ብርሃንና ዘልኣለም የንብሮ። ዓኾኻይ ንበል፣ እዚ ዛራና ዛራ ክጅንበሮ። ዓኾኻይ…ዓኾኻይ…።

ሎሚ ድማ ንግደትና ኣኺሉ። እንሆ በዓል ጸብደል ተጣሚሮም ይዘሉ። ሎሚ ድማ ንግደትና ኣኺሉ፣ እንሆ በዓል ኣድሃ ተሓምበለ ይብሉ።

ተሓምበለ ተሓምበለ
ከም ኤርትራ ዘሎ ዝኸበረ።

እንሆ ይዘርዎ ነቲ ቅዱስ ቦታ። ትማሊ'ውን ሆየ እናበሉ ነቲ ቅዱስ ቦታ'ዮም ዜሮሞ። ሓቃ'ንድያ ክትቅደስ እዛ ዓድና። ኣብቲ ዒድና፣ ኣብቲ ንግደትና፣ ቅዱስ'ንድዩ እቲ ባህልና። ተሓምበለ ንበል ኢድ ንኢድ ተጣሚርና - ከምቲ ዘዕበየና። ሆየ ክንብል ከለና ብሓባር ንዘልል። ተሓምበለ ክንብል ከለና ተጣሚርና ንዘልል። ተዓዚምና ዘይዓበና፣ ሎሚ ክንምርሽ ደኣ ሓቅና እንዲና። ንኺድ ጥራይ እንታይ ከይዓግተና!

ትዝክርዎዶ ንላዕሊ ኣንቃዕሪርና፣ ባይታ ከይጠመትና፣ 'ኮኮደ' እናበልና፣ ነቲ መሰናኽል ክንሓልፎ ከለና? ትዝክርዎዶ ዓይንና ዓሚትና፣ ''ኣም- ሰላም' እናበልና፣ ነቲ መሰናኽል ክንሰግሮ ከለና? ትዝክርዎ'ወ ንሱ'ንድዩ ኣዕቢና። ትዝክርዎ'ወ ሎምስ ከምኡ'ንዲና ንገብር ዘለና። ሽዑ'ኳ ተዓሚትና ኣይኮንናን ንጻወት ኔርና። ንርኢ ኔርና ኢና ብልብና። ብንኣሽቱና ከለና'ኳ ብልብና ክንርኢ ዝኽኣልና፣ ሎሚ ደኣ እንታይ ክዓግተና። እቲ ጸወታ እቲ ዘዕበየና፣ ንሱ'ንድዩ ደኣ ሎሚ ብውሽጥና ክንርኢ ኣኽኢሉና። እቲ ባህሊ እቲ ዘዕበየና፣ ንሱ'ንድዩ ደኣ ሎሚ ውሽጥና ክንርኢ ኣኽኢሉና።

ንኺድ በሉ 'መስገዮ' እናበልና - መስገዮ'ንድዩ ልማድና። መስገዮ ኢና ንብል መስገዮ ንኹሉ፣ መስገዮ ኢና ንብል መቒሩ ዓርዒሩ፣ መስገዮ ኢና ንብል ለስሊሱ ተሪሩ፣ መስገዮ ኢና ንብል ይብርክተልና'ዩ ኩሉ።መስገዮ ንብል'ምበር ሎሚ ደኣ ትማሊ'ኳ መስገዮ ተባሂሉ። በሪሁ'ዩ ኩሉ፣ ጸልማት ተጋሊሁ። በርኪቱ'ዩ ኩሉ፣ ዘይምእኩት ተሰጊሩ። ንኺድ ጥራይ መስገዮ እናበልና፣ ንኺድ ንቀጽል ጉዕዞና።

ንኺድ'ምበር ጉዕዞዶ ይዛዘም'ዩ፣ ንኺድ'ምበር ምስከድካ'ንድዩ ኩሉ። ኣበይ'ሞ ክንዕዘም ኢና፣ እዛ ግራት መገዲ ተጎልጒላ ተዘሪኣ መዓስ ይኣኽላ፣ ትደሊ ድማ ወሰን ወሰና ዝሓጽራ። ግራት መገዲ እዛ ኩሉ ዓይኑ ዘውድቐላ፣ ገጻ ምሕጻብ ጥራይ መዓስ ይኣኽላ - ትደሊ ድማ ዘወጅሃ ዝኳሓሕላ - እምበር ፈውሲ ሓሳድ ኢላ መዓስ ትደሊ ክሃስስ ምስላ። ግራት መገዲ እዛ ኩሉ ዝቐንኣላ፣ ጺጋኣ ክምንጥል ኢዱ ዊጥ ዘብለላ፣ ሃድን ፈሪሓ መዓስ ተጉድሎ ትዕድልታ - ዙብ ተብሎ'ምበር መመሊሳ። ንኺድ ጥራይ ንጎልጉላ፣ ንዝርኣያ፣ ንኳሓሕላ፣ ንሕጸራ፣ ንርሃጽ'ሞ ንተዓንገል ካብ ሽሻያ።

መን ኢኻ ኣንፈት ትሓትት ዘለኻ - ንኺድ ጥራይ ኮምፓስ ኣላ ኣብ ውሽጥኻ። እንህልካ'ንዶ ብርሃን ሓባሪ ኣንፈት፣ እንህልካ'ንዶ ባና ሓባሪ ማእዝን። ኪድ ንቕድሜኻ ኣብታ ትርኣየና ዘላ ባና ክሳብ ትበጽሕ - ብርሃን'ዩ ዘሎ። ኪድ ጥራይ ንላዕሊ ገጽካ ኣንጥጠ ነቲ ኣብ ልዕሌኻ ዘሎ። ኪድ ንጎኒ ገጽካ - ተማላኣዮ ነቲ የማንካ ዘሎ። ንኺድ ጥራይ - ምኻድ'ኳ ብመሓውር ጥራይ ኣይኮነን - ይኽየድ'ዩ ብዓይኒ ይኽየድ'ዩ ብልቢ፣ ንኺድ ጥራይ፣ ኣሎ ካብዚ ዝዓቢ።

መን ኢኻ ለማጽ ትጽበ ዘለኻ፣ መን ዘልመጸ'ሞ ንስኻ ኩርኳሕ እንተጸሊእካ ደኣ - ኣነጺሮሙልካ ኣለዉ'ሞ ንስኻ ከኣ ለማጽ ግበሮ ኢኻ። መን ኢኻ በለስ ተቋምት ዘለኻ፣ ኣፍሊሶሙልካ ኣለዉ'ሞ ኣራንሺ ትኸሎ - በለስ ደኣ ጽባሕ ክኸይድ'ንድዩ ጠሊሙካ - ወትሩ ክረምቲ ኣይትመነ ክረምቲ ከሎ ኣብ ውሽጥካ። መን ኢኻ ስግር ተቋምት ዘለኻ፣ ሽሻይ እንሆ ኣብ እግርኻ - ንውሽጥኻ ጠምት'ሞ ክትርእዮ ኢኻ። ንኺድ ጥራይ፣ ምኻድ ግን ካብ ደጌና ንውሽጥና።

ንኺድ ጥራይ እንቋዕ ንሕና ኮንና። ቃንዛ ብጻይና ዘቖንዝወና፣ ባህታ ሓውና ባህታ ዝፈጥረልና። ስድራ ምሉኣት ብመኸደን ብራሾ ተማቒልና ዝሰተናዮ ዘርውየና። ንኺድ ጥራይ እንቋዕ ንሕና ኮንና።

ንቐደም በሉ፣ ፈደሉ ሰዊት ሓዙ፣ ንዑ ንእግረ መገድኹም ብራሕ ስተዩ ንዑ እናኸድኩም ርወዩ። ኣይትሰከፉ - ሰብ ብራሕ ኬንና ኣይኮነን ሰብ እንጣጢኦ ከለና'ኳ 'ንቐደም' ዝተባሃሃልና። ብርክኹም ዕጽፍ ኣቢልኩም ሓንሳብ ኣዕርፉ - ርግእ ኢልኩም ብኣእምሮኹም ትውንጨፉ። ኣዕርፎ፣ ኣዕርፎ ጾሩ ተቐበሎ። ማይ ሃቦ፣ ማይ ሃቦ፣ ጻዕዳ ማይ ኣብቲ ጎንኻ'ሎ። ሓሊብ ስተዩ ብርክኹም የጽንዓዮ፣ ስንቅኹም ኣኽቢዱ ጾርኩም የቕልሎ፣ ብርክኹም ኣጽኒዑ፣ መሓውርኩም የደልድሎ፣ ሓሳብኩም ኣስሚሩ ዕንቅፋትኩም ይሽረቦ። ኪዱ በሉ ኣሰርኩም የጥልሎ።

ኣብቲ ጉዕዞኹም ዓኾኻይ ምባል ኣይትረስዑ፣ ኣብቲ ጉዕዞኹም ጓይላኹም ትኸሉ። ኣብቲ ጉዕዞኹም ተሓምበለ በሉ። ንኺድ፣ ንኺድ ኣብ ኣሰሩ።

ናበይ ዲና ንኸይድ - ናብ ኣሰሩ። በየን ዲና ንኸይድ - ብኣሰሩ። መዓስ ዲና ንብገስ - ብንጉህኡ። ምስ መን ዲና ንኸይድ - ምስኡ። ምስኡ ምስቲ ጉዕዞ ዝጀመረ። ምስኡ ምስቲ ጽንዓት ዝመሃረ። ምስኡ ምስቲ ነዚ ህያው ዝገበረ። ምስኡ፣ ምሳና ምስ ውሽጥና። ንሕና'ንዲና ኩሉ።


ትሽትትዎዶ ኣለኹም እዚ ንፋስ? ኤው በልዎ እቲ ንፋስ ቈይቂ፣ ማዕዶዩ ዘሎ - ኣብዚ እነህልኩም ንፋስ ዕርቂ። ትርእይዎዶ ኣለኹም እዚ ሰማይ? ኣይትርኣይዎ እቲ ሰማይ ጭንቂ፣ ሰማይና ኣይኮነን - ኣብዚ ሰማይና እነህልኩም ሰማይ በርቂ። ትሰምዕዎዶ ኣለኹም እዚ ድምጺ? ግደፍዎ ነቲ ድምጺ ቈይቂ፣ ድምጽና ኣይኮነን - ኣብዚ እነህልኩም ድምጺ ዕርቂ። ተስተማቕርዎዶ ኣለኹም እዚ መቐረት? ናይ ትማሊ'ዩ እቲ ዕረ - ናይ ሎሚ እነህልኩም ዝመቀረ። ንኺድ ጥራይ ኣሎ ዝመቀረ። ኣሰይ…! ፍኹስ እንካ በለኒ፣ ብርህ እንካ በለኒ፣ ግልጽ እንካ በለለይ፣ ጥዕይ እንካ በልኩ፣ ሩፍ እንካ በልኩ፣ ሳላ ነዊሕ ዝኸድኩ። ኣብ ጉዕዞ እባ'ዩ ዘሎ ዕረፍቲ። ኣብ ጸላም እባ'ዩ ዘሎ መብራህቲ። ኣብ ጸበባ እባ'ዩ ዘሎ ራህዋ። እንተዘይተጓዒዝካን እንተዘይደኺምካን ደኣ ኣበይ ከተዕርፍ። ጸልማት እንተዘይሰጊርካ ደኣ ካበይ መብራህቲ ከተምጽእ። ጸበባ እንተዘይመኪትካ ደኣ መን ክህበካ ራህዋ። ንኺድ ጥራይ፣ ንቐጽል ጉዕዞና።

* * * * * *

## 9ይን መወዳእታን

ኪኖ ትሽዓተ'ሞ ናበይ ኢና ክንከይድ። ሓደ - እታ ዘይትድመር ኤርትራዊት ቁጽሪ - ሓደታት እንተወሰኽካላ'ውን መመሊሳ'ንድያ ሓደ ትኸውን። ብገዛእ ርእሳ እንተባዛሕካያ ድማ ትሽዓተ ትኸውን'ሞ ሕብሪ ሓድነታ ግን ኣይትቕይርን። ሓደ ኢልና ጀሚርና ንቒጽር'ሞ፡ትሽዓተ ምስ በጻሕና ከኣ መመሊስና ሓደ ንኸውን። ኪኖ ትሽዓተ'ሞ ናበይ ኢና ክንከይድ። ትሽዓተ'ንዲና ሓደ'ዚ ሕብርና።

ሓደ ንክንከውን፡ሓደ ኴንና ከኣ ንኽንነብር'ንድዮም መሓመድን ገብረክርስቶስን ኣብ ሓደ መቓብር ተቐቢሮም። ሓደ ኰንና ንክንነብር'ንድዮም ሓንቲ መዝሙር፡ሓንቲ ጭርሖ፡ሓንቲ ዕላማ ሒዞም፡እታ እንኮ ሂወቶም ህያብ ሂቦምና። ትሽዓቲኦም ኪኖ ትሽዓተ ከይንጓዓዝ ሕድሪ ሂቦም፡ንትሽዓቴና ሓንቲ ለበዋ ተላብዮም። መዝሙርናን ልብናን ጥራይ ዘይኮነ ዋላ ለበዋኦም ሓንቲ'ያ - ኪኖ ሓደ፡ኪኖ ትሽዓተ'ሞ ናበይ ኢና ክንከይድ። ክንከይድ እንተፈተንና'ውን ተፈናጭልና ኢና ደው ክንብል።



ንሕና'ዞም ንሕና፥ሓደ ሕብርና። ንሕና'ዞም ንሕና፥ሓደ መዝሙርና። ንሕና'ዞም ንሕና፥መስዋእቲ ዓንድና። ንሕና'ዞም ንሕና፥ስዉእ ህላወና። ንሕና'ዞም ንሕና፥ትጉዕዝ ከሪምና ትሽዓተ ምስ በጻሕና ንምለስ ናብ ሓድነትና - ንምለስ ዘይኮነስ ንቕጽል ናብ ሓደ ገጽና። ኪኖ ትሽዓተ ሳላ ዘይንጉዓዝ እንዲና ደኣ ንውሽጥና ገጽና ክንከይድን ውሽጥና ከነስተብህልን ሓጊዙና። ንሕና'ዞም ንሕና ውሽጥና እምነትና።

ብፍቓድ መን'ዲና ንነብር? ብፍቓድ መን ዲና ብህይወት ንቕጽል? ብፍቓድ መን ዲና ንሕና ንሽውን? ንሕና'ዞም ንሕና፥ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ ስዉእ ፈጣሪና።

እዚ ነድምጾ ናይ መን ድምጺ ድዩ? እዚ ንነብሮ ብናይ መን ፍቓድ ድዩ? ንዘምር በሉ ሳልኡ እናበልና። ንዘምር በሉ ስሙ እናጸዋዕና። ሓወልቱ ኣብ ባይታ ዘይኮነ ኣብ ልብና ተኺልና'ንዲና ንጓዓዝ። መን ኣለና ድዩ ካብኡ ዝኸብር? መን ኣለና ድዩ ብስሙ ዘይዝምር? መን ኣለና ድዩ በይኑ ዝነብር? ንሕና'ዞም ንሕና ሰማእቲ ህላወና!

ንኺድ ግን፥መዋእልና ክንጓዓዝ'ንድዩ ሕድሪ ኢሉና። ዘልማዕና እንተልማዕና፥ሂወቱ'ዩ ሂቡና'ሞ፥ንሱ ስለዘይኣክልሲ መመሊስና ደኣ ነልምዕ - ንኺድ ንልምዓት። ዝሃነጽና እንተሃነጽና፥ሂወቱ'ዩ ሂቡና'ሞ ንሱ ስለዘይኣክልሲ ንኺድ ደኣ መመሊስና ንህነጽ - ንኺድ ናብ ህንጸት። ዝዓየና እንተዓየና፥ሂወቱ'ዩ ሂቡና'ሞ ንውዕለቱ ስለዘይዳረግሲ መመሊስና ንዕየ - ንኺድ ናብ ዕዮ- ኪኖ መስዋእቲ'ውን ጉዕዞ'ሎ - ጉዕዞ ግን ክሳብ ትሽዓተ - ትሽዓተ ምስበልና'ውን ናብ ሓደ ገጽና ደኣ ንጉዓዝ'ምበር ደው ምባል የለን - ንኺድ ደኣ፥ኣይተቋርጹ ስጉሙ'ንድዩ ኢሉና።

ይጽበየና እኳ'ዩ ዘሎ። ይጽበየና'ሎ ዓሰቡ ክርኢ። ይጽበየና'ሎ ከነግፍሕ ራኢ። ይጽበየና'ሎ ተመስገን ክንብሎ - ብቃል ዘይኮነስ ብተግባር ውዕሎ። ይጽበየና'ሎ ይጽበየና'ሎ - ንቀይሕ ደሙ ዝናብ ክንቅይሮ። ይጽበየና'ሎ ይጽበየና'ሎ - ምዕርግቲ ዓዲ እንካ ክንብሎ። ደረት የብሉን ሂወት'ዩ ሂያቡ፥ብዝዓመምናዮ ኣይንዕገብ መዓስ ዓጊቡ። ይጽበየና'ሎ ለምለም ክርኢ፥ዝተረፈና'ምበር ዝዓመምናዮ ከይንርኢ። ይጽበየና'ሎ ይጽበየና'ሎ፥ከይንዛነ'ባ ገና'ዩ ዘሎ። ይጽበየና'ሎ ይጽበየና'ሎ፥ኣበራብርዎ ዝደቀሰ እንተሎ። ይጽበየና'ሎ ይጽበየና'ሎ፥ሕድሩ ኣተግቢርና ቅሰን ክንብሎ።

ይዘልል ኄሩ ይነጥር ኄሩ፥ሎሚ ኣዕሪፉ በቃ ሩፍ ኢሉ። ሩፍ'ዩ ኢሉ'ምበር ረፍ'ኳ ኣይበለን፥ኣዕሪፉ ኢዩ'ምበር ዓሪፉ ኣይተባህለን። ዝሞተ ኣይምሰልኩን ብሞት ተሳዒሩ፥እንሆ ኣብ ውሽጥና መልክዕ ቀይሩ። ይነብር ኣሎ ካብ ዓይንና ተኸዊሉ፥ብልብና ንርእዮ ኮኾብ መሲሉ።

መን ኣሎ ብዘይክኡ ንሞት ዘጃጀዋ፥መን ኣሎ ብዘይክኡ ንሞት ዘባህረራ። ስጋ'ዩ ገዲፍዎ ስጋ ናይ ስስዕቲ፥ዓጽሚ ምኳን መሪጹ ክነብር ምእንቲ። መልክዕ'ዩ ቀይሩ መልክዕና ከወጅህ፥ፍቕሪ ምሂሩ ሓድሕድ ክንለዋዋህ። ዕግበት ከሊእዎ ናይዛ ዓለም ህያብ፥ናይ ጽሑፍ ኮነ ናይ ንዋት ምልውዋጥ፥ደረት ስኢንሉ ነዚ ናትና ፍቕሪ፥ሂወቱ ሂቡና ንስለ ናትና ዕምሪ።

ቀይሕ ምንጻፍ ኣየዕገቦን ከንጽፍ ኣብ መገድና፥ንሱ ፈኹስዎስ ቀይሕ ደሙ ኣንጺፉልና። ሰቲ ኣየዕገቦን ክንስንስ ኣብ ምድሪ ቤትና፥ንሱ ፈኹስዎስ ኣዕጽምቱ ከስኪስልና። ዓጽሙ'ወ ዓጽሙ እቲ ዘይኩርኳሓና፥ዓጽሙ'ወ ዓጽሙ እቲ ዝኩሕኳሃና።

ጸሓይ ኣየዕገበቶን - ጸሓይ ንወጻዕትን ንውጹዓት ብማዕረ ስለትበርቕ ናቱ ጸሓይ ክፈጥር ሓሊኑ። ፈጢርዋ ድማ። ኣብቲ ሜዳ፥ኣብቲ ጎልጎል፥ኣብቲ ስንጭሮ ኣብቲ ገደል፥ናባና ከብጽሓ ኣብዝባኑ ተሰኪምዋ ነዊሕ ተጓዒዙ፥ ኣረኪብና ድማ፥ሽዑ ናብ ርሑቕ ነቒሉ። ጸሓይና ኣብሪቑ ካብ ጸሓይ ተፈጥሮ ተኸዊሉ። ንዓና ከኣ ወትሩ ጸሓይኩም ባዕልኹም ኣብርቑ ኢሉ ተላብዩና ከይዱ። ከይንብዕግግ ምእንቲ ከኣ ጸሓይ ደድሕሪኣ ንዝኸደ ከምዘይትዓርቦ መዘኻኸሪ ሂቡና በታ ባዕሉ ዝፈጠራ ጸሓይ ጌሩ።

ንኺድ በሉ ይጽበየና'ሎ፥እዚ ሕብርና ሓደ ከነምስሎ። ንኺድ በሉ ይጽበየና'ሎ፥እዚ መሬትና ሓምላይ ከነምስሎ። ንኺድ በሉ ይጽበየና'ሎ፥እዚ መዝሙርና ቅኒቱ ከይንቕይሮ። ንኺድ'ምበር ኣብ ምዕናድ እንታይ ኣሎ። እስከ ሓንሳብ ኣብ መንጎና ዕላል ኣቋሪጽና ምስኡ ነዕልል። ትሰምዕዎዶ ኣለኹም እዚ መዝሙርና?

"ከላዕሎ ክቡር ስሙ ከላዕሎ ቅሰን ኣብታ መቓብርካ ዶታ ክብሎ"፥እናበልና እኳ ኢና፥ንረዚን ስምኩም ብኽብረት እናልዓልና፥'ዓዲ እንታይ ኮን ኮይና ትኸውን ብድሕሬና?' እናበልኩም ከይትሻቐሉ ቅሰኑልና እናበልና ንዝምር ዘለና - ቅሰን… ኣብ ናይ ክብሪ መቓብርካ!

"ታሪኽ ኣለዎ እቲ ጎቦ
ሰብ ከይድይቦ
ገለ ቅብእዎ ወርቃዊ ጸብሪ
ደብሪ'ዩ ደብሪ"፡

እናበልና፡ታሪኽካ እናጸወና፡ኣሰርካን ዓጽምኻን ዝዓለቦ ጎቦ ደብሪ ጠሚቕናዮ፡ደብርና ጌርናዮ።

ብመስዋእትኻ ከምእትሕበን፡ዕጫ ኣዳም ኮይኑ'ምበር ዓሰርተ ግዜ እናተመላለስካ'ውን በጃ ክትከውን ድሉው ምኻንካ ክንምስክር ከኣ። ኣብ ክንዳኻ ኬንና።

"እንተዝመላለስ ሽሕ ግዜ እንተዝመላለስ" እናበልና ንዝምር። ቅኒትና ነስምሮ፡ህርመትና ነዐምሮ።" መዝሙርካ ንዝምሮ፡ንስምካ ብኽብረት ነልዕሎ፡ሓወልትኻ ኣብ ልብና ንተኽሎ፡መቓብርካ ኣብ ልብና ንወቕሮ፡እቲ ምንታይ ልዕሌኻ ዝኸብር ስለዘየሎ።

ሰሚዕካዶ - ሰሚዕካዶ ሰማእቲ? ድፋዕካ ጴር ትቐይሩ ዕንባባ ኣብቍሉ፡ካናለኻ መእለይ ውሕጅ ኮይኑ።
ሰሚዕካዶ - ሰሚዕካዶ ሰማእቲ? ዓረርካ ብርዒ ተቐይራ፡ባሩዳ ብቀለም ቀይራ ትጽሕፍ ከምዘላ።
ሰሚዕካዶ - ሰሚዕካዶ ሰማእቲ? ኣብ ሻምብቆ ብረትካ፡ሳሬት ሰፌራ ሰሪሓ ኣስተርሕያ፡ዓለባኣ ኣብኡ ኣሊማ፡ዑፍ ከኣ ኣብ ልዕሊኣ ናይ ሰላምን ኣርማን።
ሰሚዕካዶ - ሰሚዕካዶ ሰማእቲ? ታንክኻ ትራክተር ተቐይራ ትሓርስ ከምዘላ።
ሰሚዕኩምዶ - ሰሚዕኩምዶ ሰማእታት? ድምጺ መድፍዕ ብድምጺ ነጎዳ ተቐይሩ፡መሬትና እቲ መሬትኩም ቀጠልያ መሲሉ፡መንገድና ልምጽምጽ ኢሉ፡ኩሉ ሰብ ብስምኩም ይዝምር ሓወልትኹም ኣብ ልቡ ተኺሉ።

እንታይ ምስማዕ ደሊኹም ትርእይዎዶ ኣየለኹምንከ ብዓይንኹም።
እነኹምንዶ ኣብ ውሽጥና፡
እነኹምንዶ ኣብ ጎንና።
እነኹም'ንዶ ምሳና፡
እንተዘይትህልዉዶ ሃሊና - ኣለኹም እኳደኣ ልዕሌና ደሚቕኩም።

ሰሚዕኩምዶ - ሰሚዕኩምዶ ሰማእቲ? ዝምርቕ'ምበር ዝረግም፡ዝዕልል'ምበር እህህ ዝብል ዘይብልና ከምዝኾና ሳላኹም። ደሃይዶ ክህበኩም 'ከመይ ኣሎ ገደናይ፡ከመይ ኣላ ሒማይ?' ኢልኩም ከይትሻቐሉ ደሃይ ዓዲዶ ክነግረኩም። ገደናኹም ብማእቶት ይሕረስ፡ውልድኩም ብፍቕርና ይኽለስ፡ሒማኹም ከይተውጽእ ማዳ፡ኢደይ ኢድካ ትብለላ ዓዲ ብዓዳ፡ኣቦኹም ንብዓቱ ከይኩዑ ጉጅም ነባህሎ ከምዝገሽኩም ክሳብ ዝርስዖ። ንስለሂወትና ሂወትኩም ወፊኹም ደኣ ገደናና ኣቓዲርና'ምበር ገደናኹም ንሓርስ፡ንስለሂወትና ሂወትኩም ኣወፊኹም ደኣ ዋላ ደቅና ረሲዕና'ምበር ደቅኹም ንሕብሕብ። ንስለ ህላውነትና ብኣካል ምንባር ገዲፍኩሞ ደኣ፡ድልየታትና ኣወንዚፍና'ምበር ሕድርኹም ነተግብር። ክንደይ ደኣ ከይበቕዓኩም ውዕሎኹም ገዚፉ'ምበር፡እቲ ንኽእሎስ ስኽፍ ኣይበልኩም፡ነተግብሮ'ለና ብስምኩም።

ሰሚዕኩምዶ - ሰሚዕኩምዶ ሰማእቲ? ማዕዶ ማዕዶ ምኻን መዓስ ሃልዩ፡ነታ ኣብ ሰሜን ዘላ ኣዴኹም እቲ ኣብ ስግር ዝነብር ወዳ ኮይኑ። ነታ ኣብ ምብራቕ ዘላ ሒማኹም እቲ ኣብ ምዕራብ ዝነብር ወዲ ጎረቤትኩም ሓዋ ኮይኑ። ነቲ ኣቦ ዘይብሉ ዝመስሎ ዝነበረ ውሉድኩም፡እቲ ርእይዎ ዘይፈልጥዎ ተሰካም ሕድርኹም ኣቦኡ ኮይኑ። ውዕሎኹም'ሞ ንመን ዘየተሓጃጅፎ። ፍቕርኹም'ሞ ንመን ዘየጣመሮ። መስዋእትኹም፡ነቶም ካብ ዝፍጠሩ ተረኣእዮም ዘይፈልጡ ሓደ ስድራ ቀይርዎም። ስድራኹም ኩሉ ኤርትራዊ ኣባል ስድርኦም ኮይኑ። ሳላ..ኹ..ም ኩሉ ተሓጃቒፉ።

* * * * * *